# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.47 | ቀዳም 24 ጥቅምቲ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3
ጥበብ ኣናብባ መጽሓፍ ቍጽሪ


ገጽ 4
ዓለምለኻዊ መዓልቲ መግብን ኣህጉራዊ መዓልቲ. . .


ገጽ 6
ምልክታ

ገጽ 10
ዛንታ ናይዛ ስእሊ


ገጽ 11
ስፖርታዊ ውድድራት 'እዚ ምዕራብ' ይቕጽል



## ኣብ ኣውስትራልያን ጀርመንን ዝነብሩ ዜጋታት ድሉውነቶም ንመኸተ ኣረጋጊጾም





ኣብ ኣውስትራልያን ጀርመንን ዝነብሩ ዜጋታት፡ ብ18 ጥቅምቲ ኣብ ዝተኻየድዎ ህዝባዊ ሰሚናራት፡ ውዳበታቶም ብምሕያል ድሉውነቶም ንዝበረኸ መኸተ ኣረጋጊጾም።

ኣብ ከተማታት መልበርን ፐርዝን - ኣውስትራልያ ኣብ ዝተኻየደ ህዝባዊ ሰሚናራት፡ ጠቕላሊ ቈንስል ኣቶ እንድርያስ ኣብርሃምን ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ያሲን ዑመርን፡ ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ሃገርናን ዞባናን ከምኡ'ውን ተራ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ዜጋታት ኣብ መኸተ ሰፊሕ መግለጺ ሂቦም።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ "ብዘይ ሃገር ክብረት የለን" ብምባል፡ ሃገር እትሓቶ ንኸማልኡ ድሉዋት ምህላዎም ኣረጋጊጾም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ጀርመን ኣብ 26 ከተማታት ዝርከቡ ሓለፍቲ ሃገራዊ ሽማግለ፡ ምስ ኣባላት ሃገራዊ ሽማግለ ከተማታት ብምዃዛ ኣብ ዝካየድዎ ኣኼባ፡ ኣብ መድረኻዊ ተልእኾ ድሕሪ ምዝታይ፡ ውዳበታቶም ብምሕያል ኣበርክቶኦም ከምዝዕዝዙ ኣረጋጊጾም።

## ፖሊስ ኤርትራ፡ ብፎረንሲካዊ መርመራ ስነ-ቀመም ዝሰልጠኑም ኣባላቱ ኣመረቑ

ፖሊስ ኤርትራ፡ ንሓደ ወርሒ ብመርመራ ስነቀመም ዝሰልጠኑም ኣባላት ጨንፈር መርመራ ገበን፡ ብ22 ጥቅምቲ ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ኣመረቑ።

እቲ ብኽኢላ ስነቀመምን ድሕነትን መግቢን ዶ/ር ኤደን ታረቀ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ንዘጸንሐ ዓቕሚ ሞያውያን ላቦራቶሪ ክብ ብምባል፡ ኣብ ብቕዓትን ስሉጥነትን ዝሰላሰል ንጥፈታት ኣበርክቶ ከምዝገብር፡ ሓላፊ ንኡስ ጨንፈር መርመራ ገበን ምኽትል ተለንተ ስምኦን ጉብረየሱስ ገሊጹ።

ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ስልጠና ዝጠቐሱት ዶ/ር ኤደን፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ፍልጠት ከም ማጠቓለሲ ወሰዶም፡ ብንቡብን ቀጻሊ ጸዕርን ኣማዕቢሎም ኣብ ሕብረተሰብ ጉሉሕ ኣበርክቶ ክገብሩ ተላብዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንሰልጠንቲ ወረቐት ምስክር፡ ነቲ ስልጠና ንዝሃበት ዶ/ር ኤደን ታረቀ ድማ ናይ ምስጋና ወረቐትን ህያብን ተዓዲሉ።

## መትከላዊ መርገጺ ኤርትራ ኣብ ህሉው ኩነታት ምስ ኢትዮጵያ

### I. ልኡላውነት ኤርትራ፡ ፍጹምን ዘይግሃስን

- ልኡላውነት፡ ናጽነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ሃገረ ኤርትራ ዘሞገት፡ ዘይግሃሰን ፍጹምን እዩ። ኤርትራ፡ ንልኡላውነታ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት፡ ብቕድመኩነትን ኳዳዊ ምፍርራሕን ሕድገታት ይኹን ዘተ ኣይትገብርን።
- ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሕጋዊ ይኹን "ሰናይ ክርክር" ማለት ክልቲኦም ወገናት ብቕንዕና ዝኣምኑሉ ዘዘተ ጉዳይ የለን።
- ግሁድ ጥሕሰት ስርዓት ኢትዮጵያ፡ ሰልፊ ብልጽግና ኣብ ልዕሊ ልኡላዊ ዶባት ኤርትራ "ክቡር ምጥቃር"፡ ናይ ሓንቲ ሃገር ማያዊ ጕምጉም ብምኽንያት "ስትራተጂያዊ ኣገዳሲነት" ክትውንኖ ምምናይ፡ ንፍሲ-ወከፍ ዶባት ኣፍሪቃ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ'ዩ። ኤርትራ ልኡላውነታ ክትሕሉ እንከላ፡ መውዳእታኡ ነቲ ህላወን ጸጥታን ነፍሲ-ወከፍ ኣፍሪቃዊት ሃገር ዝቖመሉ መትከላት'ያ ትከላኸል ዘላ።

### II. መበቆል ቅልውላዋትን ኣገዳስነት ተሓታትነትን

- ኣብ መላእ ቀርኒ ኣፍሪቃ እናወሰኹ ዝኸዱ ዘለዉ ዘይርገእነትን ቅልውላዋትን፡ ፍርያት ናይቲ ብፍላጥ - ብዘይ ዝኾነ ይኹን ደርኸት ንዓመታት ጅኦፖለቲካዊ ኣጀንዳ ክካየድ ዝጸንሐ ጉዳይ. ሓይሊ ኢትዮጵያ፡ ስርዓት ብልጽግና እዩም። እቲ ዝኸይድ ዘሎ ወተሃደራዊ ኩነታት፡ ዲፕሎማስያዊ ኳደን ቁጠባዊ ምጉብዕባዕን ብመሓውራት ጉዳይ. ሰልፊ ብልጽግና ዝተወደበን ዝተመወለን'ዩ።
- እቲ "ኩሎም ወገናት" ወይ "ክልቲኦን ሃገራት" ንቲ ኩነታት ከተሃዳድኣ ዝብል ቁጡብ ሓፈሻዊ ጻውዒት ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ፡ ሕጋዊ ጉድለት ዘለዎ ኮይኑ፡ ዲፕሎማስያዊ ፍረ'ውን ኣይርከቦን። ንታ ዞባዊ ኳደ ተጎልብር ዘላ ገበኛ ሃገርን ሕጋዊ ልኡላውነታ ትከላኸል ዘላ ሃገርን ማዕረ ዝኾነ ግቡይ መዐቀኒ ዝህብ'ዩ። ከምዚ'ኦም ዓይነት መግለጺታት፡ ሓላፍነት ሃገራት ዘቈናጽብን ሽለልትነት ዘተባብዑን'የም። እቲ ወጥሪ ክዝሕሉ ዝኽእል ቅኑዕ መገዲ፡ ነቲ ቅልውላው ንኽፍጽርግ ዓቢ ተራ ዝጻወተ ዘሎ ሓይሊ (ሰልፊ ብልጽግና)፡ ኣብ ጉዳይ ዝተመርኮሰ ፖሊሲታቱ ደው ኪብሎ ምግዳድ እዩ።
- ኤርትራ ወረራትና ዝበል ክሲ ብማሰረቱ ዝተፈብረኸ'ዩ። እዚ ማሰረት ዘይብሉ ጥርዓን፡ ካብ ተሓታትነት ንምህዳም ዝተወሃደ ናይ ኩናት ሓብሬታ ብምህንዳስ፡ ንኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ኣታሊልካ ነቲ ዘይምኹኑይ ወራር ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ፍትሓዊ ንምምጓር ዝዓለመ'ዩ ነይሩ።

### III. ስትራተጂያዊ ግትኣት፡ ተኸላኸሊ ቁመናን ምሕላው ልኡላውነትን

- ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ዓለም ዝፈለጦ ዶባት ሃገረ ኤርትራ'ዩ ዘሎ። ቁመና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ምክልኻል ኣተኩሩ፡ ንህሉው ኣህጉራዊ ዶባት ኣኽቢሩን ብኣህጉራዊ ሕጊ ተቐዪዱን ይኸይድ።
- ብተደጋጋሚ፡ ዋላ'ውን ድሕሪ ውሳል ፕሪቶርያ፡ ኤርትራ ኣብ ልኡላዊ ግዝኣት ኢትዮጵያ ኣትያ ዝበሉ ዘደናግሩ ናይ ምትላል ሓብሬታታት ክዘርግሑ ጸኒሖም'የም። እዞም ግጉያት ክሳታት፡ ናብ'ቲ ብ13 ሚያዝያ 2002 ብውሳነ ኮምሽን ዶባት ኤርትራን ኢትዮጵያን (Arbitral Award) ልኡላዊ መሬት ኤርትራ ዝኾነ መሬት እውን ዘመልክቱ'የም።
- ኤርትራ፡ ንዝኾነ ናይ ታሪኻዊ ዋንነት ሕቶ ኣይተላዓለት። ኣብ ኢትዮጵያ ይብጽሓኒ'ዩ ትብሎ ከምዘይብላ እውን ተረጋጊጹ።
- ብኣንጻሮ'ቲ ዘሎ ቀጻሊ ምትንኳታትን ዘንቀደ ዘመተን፡ ኤርትራ ስትራተጂ ልዑል ትዕግስቲ ክትክተል ጸኒሓ። ከም'ዚ ዓይነት ናይ ርገኣት መትከል፡ ንቀርኒ ኣፍሪቃ ካብ ታህዋኽን ሓደገኛ ዞባዊ ኩናትን ክድሕን ዝኽእል'ዩ።
- ኤርትራ ንሰላም ዘለዋ ድሉውነት ኣብ ቦታኡ ኮይኑ፡ ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊ ዝህብ መሰል፡ ካብ ዝኾነ ኳዳውን ናይ ወራር ሓይልን ልኡላውነታ ንምክልኻል ምሉእ ብምሉእ ድልውቲ'ያ።

### IV. መቓን ንነባሪ ዞባዊ ሰላምን ሕጋዊ ስርዓትን

- መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ህውኹ ኣጀንዳ ዝተሰነዐ ግጭት፡ ዞባዊ ቅልውላው፡ ኣዕናዊ ሰዖሪ ዘይብሉ ጂኦፖለቲካዊ ቀውሲ ክጽመድ ሸውሃት የብሉን።
- ኤርትራ፡ ንዋይሕ ዝጠመተ ዞባዊ ርግኣት፡ ብሕጋውን ሓላፍነታውን መንፈስ ንሓድሕዱ ዝምድና ሃገራት ኣብ ዝገበር ማሰርት፡ ከም ወትሩ ኣብ መብጽዓኣ'ላ። ራእይ ኤርትራ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ሓድሕዳዊ ምኽባር፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ካልኦት ዘይምትእትታውን ኣብ ጥቡቕ ምእዙዝነት ንኣህጉራዊ ሕግን ዝተመርኮሰ'ዩ።
- ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ዘላቒ ሰላምን ግብራዊ ጸጥታን ክረጋገጽ፡ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ'ውን ዝድግፎ ፍጹም ምእዙዝነት ንኣህጉራዊ ሕጊ ምስ ዝህሉ ጥራይ'ዩ። ፍጹምነት ልኡላውነትን ማዕርነትን ሃገራት ንምርግጋጽ፡ ናይ ምስፍሕፋሕ ልምዲ ይኹን ብሓይሊ ልኡላዊ ግዝኣት ካልኦት ክትጉብጥ ምድላይን ጥርዓናት ምኽላስ ዶባትን ዝኣመሰሉ ጉዳያት ክውገዱ ኣለዎም።

**ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሃገረ ኤርትራ**
21 ጥቅምቲ 2026

# ሓሳውን ቁርበትን እናሓደረ ይፈኮስ!

## ጌታቸው ረዳ ብዛዕባ ኣብይ ኣሕመድ ካብ ዝተዛረቦ

ሰብ ምስሕ ሰብ ዝዥብር፡ ኣብ እምነቱ፡ መርገጺኡን ክብረቱን ጸኒዑ ክዥብር ከሎ'ዩ። መርገጺኦምን እምነቶምን ምስ ዝሰፈሰ ንፋስን ምስ ዝተፈጥረ ኩነታትን - ከም ወቕትን ዓውደ-ኣዋርሕን ዝለዋወጥ ሰባት፡ ኣዝዮም ሓደገኛታት'ዮም። ብምኽንያት፡ ህዉብት፡ ግላዊ ረብሓን ካልእን ብቐሊሉ ስለዝሰድዑ፡ ናይ ሞራል ብሶላ (ኮምፓስ) የብሎምን። ሓደ ካብዞም በዚ ባህርያትዚ ዝልለዩን ዝፍቐዱ፡ እቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ካብ ሓደ ጫፍ ናብቲ ኣንጻሩ ጫፍ ክላባጦ ዝተራእየን ጸኑዕ ፖለቲካዊ መርገጺ ዘይብሉን ጌታቸው ረዳ'ዩ። ኣብዚ እዋንዚ ከኣ ወግሐ-ጸብሐ ናይ ሓሶት ትረኻታትን ክሲታትን እናቕረበ ኣንጻር ኤርትራ ናይ ሓሶት ዘመተ ብምኽያድ ንኩናት ኣብ ምግስጋስ ተጸሚዱ ይርከብ።

እዚ ንባዕሉ ጸሀያይ ክንሱ፡ ብዛዕባ'ቲ ጸሀያይ እናበለ ክጽርፎ ዝውዕልን ዝሓደርን ዝበረ መራሒ ብልጸግና ካብ ዝበሎ ንምዝክኻር፦

- "ኣብይ ኣሕመድ ድንኪ'ዩ፡ ናይ ፖለቲካ ድንኪ፡ ናይ ኩሉ ነገር ድንኪ'ዩ። ኣብ ንብር ዓዲ እንተዘየኸውን ነይሩ፡ ናብ ማይ-ጨሎት ክኸይድ ወይ ኣብ ሆስፒታል ሕሙማን ኣእምሮ ክኣቱ ዝግበኦ ሰብ'ዩ።"

- "እዚ ሰብኣይ [ኣብይ ኣሕመድ]፡ ወዲ ሸውዓተ ዓመት ከሎ፡ "'ኣደይ ንጉስ ክትከውን ብሕልሚ ርእየ ኢላትኒ' ኢሉ ዝዛረብ ሰብ'ዩ። ክረራቶ ትኸውን ኣይትኸውን ኣይፈልጥን። ዝኾነ ዝበንቅፍ ደማ ሰብ ኮይኑ ኣይሰምዖን'ዩ። ባዕሉ ዝፈጠሮ'የ ዘዕልል። ዘለኹ፡ ኣምሓራ'ኳ ልክዕም መትሓዝኮም ነይሩ፡ ኦሮሞ ኣብ ዝጽሕዎ የብሎምን። ንሽኹም ኢኹም ተሸጊሩኹ። ህወሓት'ውን ኣይተኣማነ ህዝቢ ትግራይ'ዩ ዘርግሒ ዝበል ሰብ'ዩ። እዚም ሰባት ተኣኻኺቦም 'ክፍርሶ ኣለና' ዝበልዎ ህዝቢ ትግራይ'ዩ። ናይ ህዝቢ ትግራይ መሰረታዊ መምቕራት ምድምሳስ'ዩ። ህዝቢ ትግራይ ርእሱ ኣደኒኑ ከምዝኸይድ ንምግባር'ዩ። ዝተንበርከኸ ህዝቢ ትግራይ'ውን ሸሞር ክፈጥር ስለዘኽእል፡ ትግራዋይ ከም ህዝቢ ክጠፍእ ኣለዎ'ዩ ዝብሉ።"

- "ምስ ኣብይ ኣሕመድ ዝመርሖ መንግስቲ ንዙ ወይ ንዘርርብ ብዘየገድስ ይኹን ምኽንያት ወይ ዕላማ ኮፍ ምባል ናይ ነውሪ ነውሪ'ዩ።"

- "ኣብይ እንተዘይደናገሩ ዓዲ ክመርሕ ኣይክእልን'ዩ።"

- "ትምህርቲ ተማሂሩ ዘይፈልጥ ሰብ PhD ኣሎኒ ኢሉ እንተኣሚኑዩ፡ ዝኣመንካሉ ምኽንያት ንኸትሓትት ግዜ ስለዘይህበካ'ዩ።"

- "ሕማቕ ዕድል ኮይኑ፡ ብጠለ ንእሽቶ ኢጋጣሚ ብጌጋ ኣብ ዝለዓለ ቦታ በጺሑ ዓበይቲ ሓደጋታት ናይ ዘብጽሑ ሰባት ኣብነት እንተደሊኻ፡ ኣብይ ኣሕመድ'ዩ።"
- "ኣብይ ኣሕመድ ናይ ሃገር ክሕደት ቀንዲ ኣብነት'ዩ። ስለዚ፡ ኣብይ ብዛዕባ ሉኣላውነት ክዛረብ ዝኸኣሎ ሞራላዊ መሰረት የብሉን።"

- "ትግራይ ሃገር'ያ ኢሉም ኩሳሰቡ ዝደልዩ ብዙሓት ሰባት ከምዘለዉ ይፈልጥ'ዩ። ኣነ'ውን፡ ሓደ ሓደ ግዜ ክሞቕኒ ከሎ [ክሰክር ከለኹ] ከምኡ እሓስብ'ዩ።"

- "እዚ ጸረ ህዝቢ፡ ኣተግባሪ ኣጀንዳ ኣብይ ኣሕመድ ዝኾነ ሰራዊት፡ ዝበረቶም ንኣሽቶ ትብዛል ናይ ውትህደርና ፍልጠት ጠፊኣቶም፡ ናይ ሓደ ተራ ዕቡድ ትእዛዝ እናተቐበሉ፡ ህዝቢ፡ መንእሰያት ዘወድኡ ብዓል ብርሃኑ ጁላ፡ ቀይሕ ቀበዕ ስለዝኸደኑዮም ንፉዓት ተዋጋእቲ ኣይብሎምን'ዩ። ብኣንጻሩ ንዕላማ (ታርጌት) ምቑኣት'የም።"

- "ኣብይ ኣሕመድ፡ 'እዞም ጸሀያይ' ይብል'ዩ። መን ጸሀያይ ከምዝኾነ ክንርእዮ ኢና። ኣቢ'ዩ ጸሀያይ። ኣብዚ ሃገር ዝበቖለ ጸሀያይ ኣቢ'ዩ።"

እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ብዓል ዘይተገርሐ መልሓሱ፡ ዘይውርዙይ ውልቀሰብ፡ እዞም ናይ ሕጂ ጎይቶቱ ንሕሉፍ ባህርያቱ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ንግዚኡ ተጠቂሞም ክሳብ ዝጉሕፍዎ'ምበር፡ ልቦም ኣውዲቖም ከምዘይኣምንዎ፡ መን ክደናገር ይኽእል!

ዜና

# መንደፈራ - ሓረስቶት ሕርሻዊ እቶቶም ከዕብዩ ጻውዒት ቀረቡ


ስእሊ: መረሓ ተስፋይ

ሓረስቶት ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ኣቦት ህርኩታት ሓረስቶት ተኸቲሎም ሕርሻዊ እቶቶም ንምዕባይ ኣበርቲዖም ክጽዕሩ፡ ሓላፊ ሕርሻ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ በረኸት ተኽለስላሰ ኣዘኻኺሩ።

ምስ ሓረስቶት ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ሓረ ኣብ ዝገበሮ ርክብ ኣቶ በረኸት፡ ሎም-ዘበን ክረምቲ ብኣበታውያን ሓረስቶት ዝለምዐ ኣዝርእቲ፡ ግቡእ ስዉፍልጠታዊ ኣገባብ ሕርሻ ዝተኸተለ ብምንባሩ፡ ጸቡቕ ወጽኢት ከምእተረኽቦ ሓቢሩ።

ኣበታውያን ሓረስቶት ብፍላይ ኣብ ምብዛሕ ምሩጽ ኣዝርእቲ ስርናይ፡ ድንሽን ዕፉንን ዝምስገን ኣበርክቶ ይገብሩ ከምዘለዉ ብምግላጽ፡ ከም ውጽኢቱ - እቲ ንኡስ ዞባ ብቀረብ ምሩጽ ኣዝርእቲ ነፍሱ ኣብ ዘኽእለሉ ደረጃ ከምዝበጽሐ ኣብሪሁ።

ክኢላ ልምዓት ብቑሊ ኣቶ ፍስሃየ ተስፋጽዮን ብወገኑ፡ ርቡሕ እቶት ብቑንዱ ኣብ ጻዕርን ትግሃትን ሓረስታይ ከምዝምርኮስ ብምሕባር፡ ምጥቃም ምሩጽ ኣዝርእቲ፡ ምህብታም ፍርያምነት ሓመድን ምዕቃብ ማይን ሓመድን ካብ'ቶም ክዝውተሩ ዘለዎም ሜላታት ሕርሻ ምዃኖም ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ዓዲ-ሓረ፡ ሞያውያን ሕርሻ ንዝሰርዎ ምኽሪ ተኸቲሉ፡ ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ ብምስመር ዘራኡ ጸቡቕ ወጽኢት ዝረኸበ ኣበታዊ ሓረስታይ ኣቶ መሓመድ ጃዕፈር ሓሰን ብወገኑ፡ ስዉፍልጠታዊ ሜላታት ተኸቲልካ ዝካየድ ሕርሻ ዝተዓጻጸፈ ምህርቲ ከምዝህብ ኣረጋጊጹ።

ክኢላ ልምዓት ብቑሊ ኣቶ ፍስሃየ ተስፋጽዮን ናብ ሓረስቶት ኣብ ዘመሓላለፎ ምኽሪ፡ ኣብ ምኽዕባት እቶታት ብቑዓምነት ክደፋኣሉም ብዛዕባ ዘለዎም መደባት ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ፡ ዑደት ኣዝርእቲ፡ ከምኡ'ውን ምጥቃም ባህርያዊ ድኹዒ ኣመልኪቱ ሞያዊ ምኽሪ ለጊሱ።

# ማይ-ምነ - ሕጽረታት ትካላት ትምህርቲ ንምቅላል ይስራሕ ኣሎ

ኣብ ን/ዞባ ማይ-ምኒ፡ ሕጽረት መማሃሪ ክፍልታት ንምፍታሕ፡ ብደረጃ ኮም ዝተወሃሃደ ተበግሶታት ይውሰድ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ትምህርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ባህታ ወልዳይ ሓቢሩ።

ምስ ምውሳኽ ቁጽሪ ተመሃሮ፡ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ሕጽረት ክፍልታት የጋጥም ከምዘሎ ዝጠቐሰ መምህር ባህታ፡ ነዚ ንምፍታሕ - ህዝቢ ብዐቦበኡ ገንዘቡን ጉልበቱን ኣወሃሂዱ ተወሰኽቲ ክፍልታት ይሃንጽ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ኣኺያዲ ስራሕ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ቐጠና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ከባቢኦም እትርከብ ናይ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ክትቅበሎ ዝጸንሐት ቁጽሪ ተመሃሮ ኣዝዩ ስለዝወሰኸ፡ ተመሃሮ ኣብ ግዝያዊ ዳሳት ክመሃሩ ምጽንሖም ብምጥቃስ፡ ብምውህሃድ ህዝቢ 11 ሓደስቲ ክፍልታት ከምእተሃንጸ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ መምህር ባህታ፡ ኣብ ምምላእ ሕጽረት ኣብያተ-ትምህርቲ ልዑል ኣበርክቶ ንዝገብሩ ዘለዉ ነብርቲ ምምሕዳራት ከባቢን ኣሃዱታት ሓይልታት ምክልኻልን መጒሱ።

# ዓዲ-ቐይሕ - ብሞያ ክሰልጥኑ ዝጸንሑ መንእሰያት ተመረቑ

ኣብ ከተማ ዓዲ-ቐይሕ፡ ብሃማመተኤ ዝተወደበ ናይ ሸድሽተ ኣዋርሕ ሞያዊ ስልጠና ክቐስሙ ዝጸንሑ 346 መንእሰያት፡ ብ16 ጥቅምቲ ተመረቑ።

ኣብ'ቲ ደረጃ ፍልጠት መንእሰያት ንምዕባይን ሞያዊ ትምህርቲ ንምዕጣቕምን ዝተወደበ ስልጠና፡ 47 መንእሰያት ብቑዳማይ ረዲኤት፡ 25 ብምዝርጋሕ ሻምብቆታት ማይ፡ 26 ብኮምፒተር ሸደየ፡ 64 ብስፌጽባቑ ጸጉሪ፡ 84 ድማ ብትምህርቲ ማሕበራዊ ስዉፍልጠት ከምዝሰልጠኑ፡ ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ን/ዞባ ኣቶ ኢብራሂም ባሮለ ገሊጹ።

ኣቶ ኢብራሂም ወሲኹ፡ ብሸሉንትናኡ ብቑዕ መንእሰይ ንምፍራይ ክካየድ ዝጸንሐ ወፍሪ፡ ወጽኢት ደርኪቦ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ ኣቶ ሃብታይ ተስፋዝጊ ድማ፡ መንእሰያት ሞያ ንኽዩጥቁ ብማሕበር ንዘውሰድ ዘሎ ተበግሶታት ብምምጓስ፡ ተመረቕቲ ንዝቐሰምዎ ሞያ ብግብሪ ንኽሰርሓሉ፡ ምምሕዳር ን/ዞባ ከምዝድግፎም ኣረጋጊጹ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ንኣበታውያን ኣሰልጠንቲ ሽልማት ተዓዲሉ።

ብዘይካ'ዚ ኣብ ከተማ ዓዲቐይሕ እትርከብ ትካል ስልጠና 'ናትራን'፡ ብሞያ ቅዲ ክዳንን ሰፊትን ክሰልጥናም ንዝጸንሐት ኣብ ንኡስ ዞባታት ዓዲ-ቐይሕን ሰንዓፈን ዝርከቡ ደቂ ስድራ ንን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን፡ ብ18 ጥቅምቲ ኣመረቓ።

ኣብ'ቲ ስነ-ስርዓት ዝተረኸበት ሓላፊት ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ን/ዞባ ወ/ሮ መድሃኒት ግርማይ፡ እቲ ስልጠና ወጽኢቱ ኣተባባዒ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ካልኦት ትካላት ክስዕብኦ ኣተሓሳሲባ።

ሓላፊ ኣሃዱ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ኣስፋው ቴርጋይ ብወገኑ፡ ሰልጠንቲ ዕላማ ዝቐሰምዎ ሞያ ተግዚሮም ክሰርሑሉን ብስራሕ ከማዕብልዎን ተላቢዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብሰልጠንቲ ዝተዳለወ ንዋት ንምርኢት ቀሪቡ።

ትካል ስልጠና ቅዲ ክዳን 'ናትራን'፡ ኣብ ከተማ ዓዲቐይሕ እትርከብ ብሚኒስትሪ ትምህርቲ እትመሓደር ናይ ግሊ ትካል'ያ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጰ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጰ. 1284

# ኮርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

## ጥበብ ኣናብባ መጽሓፍ ቍጽሪ

ዝተፈላለየ ዓይነት ትምህርቲ ናቱ ጥበብ ኣናብባ ወይ ኣጸናንዓ ክንገብረሉ ንኽእል ኢና። ሓደ ዓይነት ኣጸናንዓ እንጥቀም'ውን ኣንስኣንን። እቲ ባዮሎጂ ከነጽንዕ እንክለና እንጥቀመሉ ኣገባብ ኣብ ስነ ቀመም ወይ ፊዚክስ ኣሎ፣ እቲ ንጂኦግራፍ እንጥቀመሉ ኣገባብ ንታሪኽ ንጥቀመሉ ንኽውን። እዚ እተጠቕሰ ዓይነታት ትምህርቲ ነናቱ ጥበብ ኣጸናንዓን ኣናብባን ክንፈጥረሉ ንኽእል ኢና። ንኣብነት፡ እቲ ንታሪኽ ከነንብብ ወይ ከነጽንዕ እንጥቀመሉ ጥበብ፡ ምስቲ ፊዚክስ እንጥቀመሉ ኣገባብ ዝተፈልየ ክኸውን ግድን እዩ። ከምቲ ኣብ ክፍልና እንምሃሮ ክልተኡ ዝተፈላለየ ኣገባብ ኣመሃህራ ኣሎዎ። ኩሉ ዓይነታት ትምህርቲ ብቐሊሉ ኣብ ርእስና ምእንታን ክሰፍር ልዑል ተሳታፍነትና ይሓትት። ፊዚክስ ዝያዳ ካልኦት ናብ መዓልታዊ ኣናብራና፡ መዓልታዊ ንጥፈታትና፡ ካልእ ኣብ ቀረባ ምሳና ዘሎ ነገራትን ዝቐረበ ብምኳኑ፡ ንመዓልታዊ ኣናብራና ብስነ ፍልጠት እናተዓዘብናዮ እንተ ከይድና ብዙሕ ከም ዘጽናዕና እዩ። ታሪኽ ከኣ ብዝሒ ምንባብን ናይ ምሓዝ ክእለትን ዝሓትት እዩ። ስለዚ፡ ንኽልተኡ ናትና ጥበብ ኣጸናንዓ ክነተኣታቱ የድልየና። ኣብ ኩሉ ናይ ኣጸናንዓ ጥበብና እቲ ዝዓበየ ግደ ዘሎዎ ናይ ኣናብባ ጥበብና እዩ። ኢንግሊዘኛን ቍጽርን ከኣ እቲ ካብ ካልእ ዓይነታት ትምህርቲ ፍሉይ ኣናብባ ዝጠልብ'ዩ። ካብኡን ናብኡን ቍጽሪ ብዕዮ ዘጽናዕን ዝተፈልየ ኣናብባን ኣሎዎ።

ናይ ቍጽሪ መጽሓፍ ከምቲ ካልእ መጽሓፍቲ፡ እነንብቦ ጥራይ ኣይኮነን። ካብ ናይ ቍጽሪ መጽሓፍ ከነጽንዕ እንክለና፡ ብዙሕ እዋን ኣብቲ ዕዮታት ብምስራሕ




ጥራይ ኢና ክንርዳእ እንፍትን። ነቲ ብቓላት ዝጸሓፍ መረዳእታ፡ ሕግታት (መምርሒታት)፡ ሎጂክን ካልእን ጕሲናዮ ንሓልፍ ውሑዳት ኣይኮናን። እቲ መሰረታዊ ርድኢትና በቲ እንሰግሮ ጽሑፍ ዝንደቕ እንተ ኰይኑ፡ እቲ ብዕዮ ምስራሕ ጥራይ እንፈልጦ ፍልጠት ከመይ ኢሉ ነባሪ ይኹነልና፧ ኣብ ክፍሊ ብቍጽሪ ንፉዓት ተመሃሮ ኣብ ፈተና ክበጽሑ ዝዘረጎም ክንደይ ትፈልጡ፧ እቲ ብቓላት ዝጸሓፍ መረዳእታ እምበኣር መሰረታዊ ኣምር ናይቲ እንምሃሮ ብምኳኑ፡ ንእኡ ሰጊርና ከነጽንዕ እንክለና ኩሉ ሳዕ ጕደሎ ርድኢት ኢና እንሕዝ። ስለዝኾነ ከኣ ኣብ ግዜ ፈተና ንዝመጽእ ናይ ቓላት ወይ ኣምር ሕቶ ብዙሕ ግዜ እንጋገዮን ቀልጢፍና እንርስዖን። መጽሓፍቲ ከነንብብ እንክለና፡ ዘይንፈልጦ ቓላት ምስ ዘጋጥመና፡ ምንባብና ብምቕጻል ካብ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ እቲ ኣርእስቲ ሓደ ርድኢት ክንወስድ ከም ዘሎና ዝምዕዱና ኣይሰኣኑን። እዚ ጥበብ ኣናብባ (skimming) ኣብ ካልኦት ዓይነታት ትምህርቲ ክንጥቀመሉ ንኽእል'ኳ እንተ ኰንና፡ ኣብ ቍጽሪ ግን ተመራጺ ኣይኮነን። ዘጋጠመና ዘይንፈልጦ ቓል ወይ ምሉእ ሓሳብ ተንቲንና ከይፈለጥናዮ እንተ ዘይሰገርና ይሓይሽ። ናይ ቍጽሪ መጽሓፍቲ ንኽንበብ ዝበዝሐ ግዜን ኣድህቦን የድልዮ። ኣብ ኣናብባ ናይ ቍጽሪ መጽሓፍ ሓጋዚ ክኸውን ዝኽእል እዚ ዝስዕብ ነጥብታት ንርአ፧

1. ሓፈሻዊ ስእሊ ናይቲ ጽሑፍ ወይ ምዕራፍ ንምሓዝ፡ ንምሉእ ኣርእስቲ ከይዓሞቝና ቅድም ነንብቦ። ብዘይካኡ መእተዊ ናይቲ ምዕራፍን ኣብ መወዳእታ ዝጸሓፍ ጽማቝን (introduction and summary) እንተ ኣንቢብናዮ፡ ኣብ ምወዳእታ'ቲ ምዕራፍ እንቐስሞ ፍልጠት እንታይ ምኳኑ ክገልጸልና ይኽእል'ዩ። ናይ ሓደ ምዕራፍ ወይ ኣርእስቲ ሓፈሻዊ ስእሊ ምፍላጥ፡ ኣብቲ እንሰርሖ ዕዮ ሓጋዚ እዩ። ብተወሳኺ፡ ሓፈሻዊ ስእሊ ንምሓዝ ከነንብብ እንክለና፡ ምስኡ ዝተኣሳሰር ኣቐዲምና ንፈልጦ ምዕራፍ ክህሉ ስለ ዝኽእል ተመሊስና መዘኻኸሪ ክንገብር ንኽእል። እዚ መጀመርታ እነንብቦ ካብ ዓሰርተ ደቒቕ ዘይሓልፍ ይኹን።

2. እናኣንበብና ዘጋጥመና ዘይንፈልጦ ቓላት ብርሳስ ገይርና ነኽብበሉ። ድሕሪ ምንባብና ትርጕሞም ንድለ፣ እንተ ስኢንና ከኣ ንመምህርና ወይ ይፈልጦ'ዩ ዝበልናዮ ንሕተት።

3. ካልኣይ ግዜ ነንብቦ፣ ኣብዚ እዋን ምሉእ ኣድህቦናን ዓቕምናን ናብቲ ነንብቦ ዘለና ነቕናዕዮ። እና'ንበብና ከለና ኣገዳሲ እንብሎ ነስምረሉ ወይ ምልክት ንገብረሉ። እንተ'ኹነ ልዕሊ ሓምሳ ሚእታዊት ናይቲ ኣርእቲ ከነስምረሉ የብልናን፣ እቲ ኣገዳሲ እንብሎ ከነለሊ ክንክእል ኣሎና። ኣብ ክፍሊ እናተመሃርና መምህርና ጸቒጡ ዝገለጾ፡ ኣብቲ መጽሓፍ እንተ ጸኒሑ ክንግደሰሉ ኣሎና። ዝበዝሐ ግዜ መምህርና ኣብ መግለጺ ዘጸቐጠሉ ኣብቲ መጽሓፍ'ውን እንተ ጸንሑና፡ ኣብ ፈተና ናይ ምምጻእ ልዑል ተኽእሎ ኣሎዎ። ኣገዳሲ ዝበልናዮ ኣምር ኣስሚርናሉ ምጽናሕ፡ ካልእ ግዜ ደጊምና ኣብ ነንብበሉ ሓጋዚ ይኸውን። ምንባብ ናይ ቍጽሪ ምጽሓፍ ኣድህቦ ይጠልብ እዩ፣ ኣብ ሓደ ገጽ ኣንቢብና ክንርድኦ ብእነጥፍኦ ግዜ፡ ዘይንቕነቕ መረዳእታ ኢና እንሕዝ።

4. ኣብነታት ክንሰርሕ እንክለና ነፍሲ ወከፍ ደረጃ ኣፈታትሓ ናይቲ ሕቶ ንርኣዮ። ምናልባት ኣብቲ መጽሓፍ ዝተዘለ ደረጃታት ኣፈታትሓ እቲ ዕዮ እንተ ኣጋጢምና ንኹሉ'ቲ ዝተዘለ ብርሳስ ንጽሓፎ። ወይ ከኣ ኣብ ጥራዝና ከም ብሓድሽ ሓደ ብሓደ ክንጽሕፎ ንኽእል። እዚ ክንገብር እንክለና እዚ ዝስዕብ ጥቕምታት ንረክብ፧

- ካልእ እዋን ተመሊስና ከነንብቦ እንክለና ኣይንሽገርን፣

- ነፍሲ ወከፍ ደረጃ ከመይ ተሰሪሓ ኣላ ንፈልጥ፣

- ድሕሪ ነዊሕ እዋን (ብፍላይ ኣብ ፈተና) ክንዝክሮ የኽእለና፣

- ንእኡ ዝመስል ካልእ ተመሳሳሊ ሕቶታት ንኽንሰርሕ ዓቕሚ ይህሉወና፣

5. ዘይተረድኣና ኣምራት ወይ ቓላት ምልክት ንግበረሉ፣ ኣብቲ ሓፈሻዊ ስእሊ ንምሓዝ እነንብበሉ እዋን ምልክት ገይርናሉ ዝነበርና ክኸውን ይኽእል'ዩ። ድሕሪ እቲ እንደልዮ ትርጕም ናይቲ ቓል ወይ ርድኢት ናይቲ ኣምር ምስ ረኸብና ደጊምና ነንብቦ። እቲ ሓሳብ ጽቡቕ ገይሩ ምስ ተረድኣና፡ እቲ ዝገበርናዮ ምልክት ንደምስሶ። ዝኾነ ከይተረድኣና ዝሰገርናዮ እንክሎ፡ ነዊሕ ከነንብብ ኣይንፈትን።

6. ኣብ መወዳእታ ምዕራፍ ናይ ዝኾነ ዓይነት ትምህርቲ እንረኽቦ ደሚቑ ዝተጻሕፈ እኩብ ቓላት (glossary) ተገዲስና ንርኣዮ። ኣብቲ ምዕራፍ ከይተረድኣና ክሓልፍ ዘይብሉ ሓሳብን ቓላትን ሒዙ ክጸንሓና እዩ። ኣብ እነንብበሉ እዋን ምርዳእ ዝኣበየና ቓላት ወይ ኣምራት ኣብቲ እኩብ ቓላት እንተ ሃልዩ ንመልከት። እንተ ዘየልዩ፡ ኣብ ርእሲኡ ንጽሓፎ። ካብቲ ዝተኣከበ ቓላትን ኣምራትን ዘይተረድኣና ንመምህርና ወይ ካልኦት ክሕግዙና ዝኽእሉ ብምሕታት ንፍለጦ።

7. እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ነጥብታት ገይርና ክርድኣና እንተ ዘይክኢሉ፡ ነዚ ዝስዕብ ነጥብታት ብቐደም ተኸተል ብምስዓብ ዝሓሸ ውጽኢት ክንረክብ ንኽእል ኢና፧

- ናብ ዝሓልፍናዮ ገጽ ብምምላስ ደጊምና ነንብቦ፣ ሰንሰለት ናይቲ ኣርእስቲ ንኽንርዳእ ክሕግዛና እዩ፣

- ድሒሩ ብዝሰፈሐ ተገሊጹ ክህሉ ስለ ዝኽእል፡ ናብቲ ዝቕጽል ገጽ ገንጺልና ንርአ፣

- ነቲ ዘይተረድኣና ኣምር ዝብርህ ኣብነታት ወይ ሕግታት ደጋጊምና ንጽሓፎን ነንብቦን፣

- እቲ ዘይተረድኣና ሓሳብ ዝሓዘት ሕጥበ ጽሑፍ ደጋጊምና ብዓውታ ነንብባ፣

- ኣብቲ መጽሓፍ ምርዳእ ዝኣበየና ኣብ ጥራዝና ብዝሓሸ ተገሊጹ ክህሉ ስለ ዝኽእል ጥራዝና ንወከስ፣

- ካልእ ናይ ቍጽሪ መጽሓፍ ንወከስ፣

- እቲ ዘይተረድኣና ኣነጺርና ፈሊና ብምሓዝ፡ ንመጻንዕትና ንሕተት፣

- እዚ ገይርና ምርዳእ እንተ ኣብዩና፡ ናብ መምህራና ብምኻድ ንሕተቶም።

8. ኣብ መወዳእታ እቲ ኣቐዲምና እንፈልጦ ምስዚ ሓድሽ ኣጣሚርና ንሕሰበሉ፣ እዚ ሓድሽ ዝፈለጥናዮ ኣብ ቍጽሪ እንታይ ኣሰጕምና ንገምግሞ። እዚ ብምግባር፡ ኣብ ቍጽሪ ዘሎና ሓይሊ ከነበርትዖ ንኽእል ኢና።

መም. ስቴላ መሓረና

### ግድል

ንብልሒ ተመሃሮ ዝሕግዝ ኣዘናጋዒ ግድላት

**በላሕቲ እንዲኹም...**

እነሆ በሉ ፈተና!

ኣብዚ ቍጽርታት ዘሎ ዝምድና ብምምርማር፡ ነቲ ብምልክት ሕቶ ተወኪሉ ዘሎ ቍጽሪ ርኸቡ፧




### ዳእላ ተመሃሮ

A teacher was teaching English concerning Tenses. While he was mentioning the parts of Present tense a student rised her hands.

Betiel: "Teacher!"

Teacher: "Yes!"

Betiel: "You said the 1st one is Simple Present and the 2nd is Present Continuous…"

Teacher: "Yes, I do!"

Betiel: "If we call the 1st one is Simple Present why don't we call the 2nd one 'Hard Present'!"

ሜሪማና

### ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ልቢ ወለድ ናብ ተኽእሎታት ይጽጋዕ፣ ሓቂ ግን ከምኡ ኣይኮነን።"

- Mark Twain

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ


# ዓለምለኻዊ መዓልቲ መግብን ኣህጉራዊ መዓልቲ ምውጋድ ድኽነትን ተዘኪረን

ስምኦን ሓጎስ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ብ16 ጥቅምቲ ዓለምለኻዊ መዓልቲ መግቢ “ሎሚ ንበላሓት፣ ጽባሕ ንዓንግል”ብዝብል ቴማ፡ ኣህጉራዊ መዓልቲ ምውጋድ ድኽነት ድማ፡ “ብሓባር ኮይንና ድኽነት ነጥፍእ!” ብዝብል ቴማ፡ ምስ ውድብ መግብን ሕርሻን (FAO)ን ፕሮግራም ልምዓት ውድብ ሕቡራት ሃገራት (UNDP)ን ኣብ ኤርትራ፡ ብምውህሃድ ኣብ ሆቴል ማይ ነፍሒ ብሓባር ኣኽቢሩ።


ሚኒስተር ኣረፋይነ በርሀ

ኣብቲ ብምርኢታት ሕርሻዊ ምህዞታትን ኣገደስቲ ሕርሻዊ ብልሓታትን ዝፈለመ ዝኽሪ፡ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፡ ሓለፍቲ እተፈላለያ ኣብያተ ጽሕፈት መንግስትን ግንባርን፡ ወከልቲ ኣብያተ ጽሕፈት ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ላዕለዎት ሓለፍትን ክኢላታትን ሕርሻ፡ ብርክት ዝበሉ ዕዱማት ኣጋይሽን ኣብነታውያን ሓረስቶትን ዝርከቡዎም ልዕሊ 300 ተሳተፍቲ ተኻፊሎም።

ኣብ መኽፈቲ እቲ ዝኽሪ፡ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፡ ሓፈሻዊ መብርህን ድሕረባይታን ንኡስን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ ብምልኣት ሂቡ። ኣቶ ኣረፋይነ፡ ንርቓሕ ካብ ኣብነታዊ ሓረስታይ በረኸት ተኸስተ ተቐማጢ በለዛ፡ ዝተበገሰ ስትራተጂ ምዃኑ ብምሕባር፡ ካብ ሓደ ሽሕ ትርብዒት ቃጽያ ሜትር መሬት ብግቡእ ኣደላዲሉ፡ ደኲዑ፡ ሓሪሱን ማይ ኣስተዩን ብመስመር ስርናይ ብምዝራእ፡ 8.3 ኲንታል ምህርቲ ስርናይ ክሓፍስ ምኽኣሉ ኣብሪሁ። ኣቶ ኣረፋይነ፡ ወሲኹ፡ ንርቓሕ ወላ'ኳ ኣብ ፈለማ ሰለስተ ናይ ልምዓት እብረታት ጥራይ እንተነበረ፡ ልምዓት ናይ ገደና ደርሁ፡ መዓር ብጋብላዊ/ ዘመናዊ ቀፎ ንህቢ፡ ሓንቲ ናይ ጸባ ላም ወይ ሽዱሽተ ኣጣል፡ ብምጥቕላል ናብ ንርቓሕ ብምልኣት ከም እተሰጋገረት ገሊጹ።

ኣቶ ኣረፋይነ፡ ኣብ 2024 ቍጽሪ ኣተግበርቲ ንርቓሕ ዝኾኑ ሓረስቶት 12,000 ምንባሩ፡ ኣብ ዓመቱ ድማ እቲ ቍጽሪ ናብ ኣስታት 38,000 ከም ዝበረኸ ብምግላጽ፡ ኣብ መወዳእታ 2025፡ እንተወሓደ ሓንቲ ንርቓሕ ብምልኣት ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓዲ ዝብል መደብ ወጺኡ፡ ዛጊት ኣስታት 90 ሚእታዊት ካብተን ዓድታት፡ ነፍሲ-ወከፈን መርኣያ ንርቓሕ ብምልኣት ኣተኣታትየን ከም ዝርከባ ሓቢሩ። ነተን ዘየተግበራ ዓድታት ድማ ነዚ ተመኩሮ ተወኪሰን ንምሉእ ተግባራውነት እዚ ስትራቴጂ እዚ ክሳዕ ምዝዛም 2026 ይሰርሓ ከም ዘለዋ ድማ ኣፍሊጡ። እዚ መደብ ክሳዕ መወዳእታ 2027 ብምልኣት ክትግበር፡ ጥቡቕ ክክትትልን ገምጋምን እናተገብረሉ ይካየድ ከም ዘሎ ድማ ወሲኹ ሓቢሩ።

ወግዓዊ ቃል ሚኒስትሪ ሕርሻ ዘቕረበ ኣቶ ተኽለኣብ ምስግና ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን ሚኒስትሪ ሕርሻ እዩ ነይሩ። ንሱ፡ ዓለምለኻዊ መዓልቲ መግቢ፡ ሓደ ካብቶም መሰረታውያን ድሌታት ወዲ ሰብ፡ ማለት እኹል፡ ውሑስን መኣዛውን መግቢ ዝንጸባረቐላ መዓልቲ ምዃና ብምሕባር፡ ‘ሎሚ ንበላሓት፡ ጽባሕ ንዓንግል’ ዝብል መሪሕ ቴማ ናይዚ ዓመት፡ እቲ ሎሚ እንሃንጾ ስርዓተ-መግቢ፡ ንኹሉ መዳያዊ ዕብየት ናይ መጻኢ ወለዶታት ዝጸሉ ምዃኑ ከም ዘዘኻኽር ጠቒሱ። ንሱ ቀጺሉ፡ ተባላሓትነት፡ ኣብ ምምዕባል ዘመናዊ ማሽነርን ቴክኖሎጅን ጥራይ እተደረተ ዘይኮነስ፡ ንስነ-ፍልጠታዊ መጽናዕትታት፡ ምሕየሻ ኣገባባት ሕርሻ፡ ምትእትታው


ኣቶ ተኽለኣብ ምስግና

ዝሓሸ ፖሊሲ፡ ምጥቃም መበቈላዊ ፍልጠታት፡ ውሕሉልን ዘላቕን ኣጠቓቕማ ጸጋታትን ብዓቢኡ ድማ ንፍልጠት ናብ ግብራዊ ረብሓ ሓረስቶትን ሕብረተሰብን ናይ ምስግጋር ክእለት ምዃኑ ኣብሪሁ።

“ዘለዉና ስትራተጅታት ሕርሻዊ ልምዓት ብእተፈላለዩ ተመላላእቲ ኣካላት ኣገባባት ዝቔሙ እዮም።” ዝበለ ኣቶ ተኽለኣብ፡ ንሳቶም ድማ፡ ንኡስ ውሁድ ስድራቤታዊ መደብ ሕርሻ፡ ስትራተጂ ንኡስን ማእከለትን ንግዳውያን ሓረስቶት ከምኡ'ውን ንኡስን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ ብምልኣት (ንርቓሕ ብምልኣት) ምዃኖም ገሊጹ። ኩሎም እዞም ስትራተጂታት ንሓድሕዶም ተደጋጊፎም፡ መርሓ ጉደና ውሑስን መኣዛውን መግቢ ኣብ ምዕዋትን ድኽነት ኣብ ምውጋድን ዓቢ ኣበርክቶ ከም ዘሎዎም ድማ ኣብሪሁ።

“ብዛዕባ ውሕስነት መግብን መኣዛን ክንዛረብ ከለና፡ ብዛዕባ ምውጋድ ድኽነት'ውን ኢና ንዛረብ ዘሎና” ዝበለ ኣቶ ተኽለኣብ፡ ሕርሻዊ ልምዓት ኣብ ምውጋድ ድኽነት ልዑል እጃም ከም ዘበርክት ብምግላጽ፡ “እዚ እንካይዶ ዘሎና ውሁድ ንጥፈታት ምስቲ ‘ብሓባር ኴንና፡ ድኽነት ነወግድ!’ ዝብል ቴማ ኣህጉራዊ መዓልቲ ምውጋድ ድኽነት'ውን ዝሳነ ምዃኑ ርዱእ'ዩ” ክብል ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ተኽለኣብ፦ ብቖራጽነት፡ ፈጠራውነትን ዕዙዝ ሓላፍነትን፡ ነፍሲ ወከፍ ስድራ ቤት ኤርትራ፡ ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኽትረክብ ናብ ዘላቒ ምዕባለ ኣብ እንገብሮ ጉዕዞ፡ ብሕርሻ ግሩም ናብራ ንምፍጣር ሓደ ሰብ'ኳ ንድሕሪት ከይንሓድግ፡ ሓቢርና ስራሕና ክንቕጽል ከም ዝግባእ ኣስሚሮሉ።

ንወኪል ቤት ጽሕፈት ውድብ መግብን ሕርሻን ኣብ ኤርትራ ሚስ ኣሬላ ግሊኒ ወኪሉ መደረ ዓለምለኻዊ መዓልቲ መግቢ፡ ዘቕረበ ኣቶ ስዩም ጠዓመ ብወገኑ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ዓለምለኻዊ መዓልቲ መግቢ፡ ንስነ ፍልጠት፡ ቴክኖሎጂ፡ ልምዳዊ


ኣቶ ስዩም ጠዓመ

ፍልጠትን ሽርክነትን፡ ንኹሎም ሓረስቶት፡ ገፈፍቲ ዓሳ፡ ሰብ ጥሪት፡ ስድራቤታትን ኮማትን ኣብ ባይታ ዘሰርሕዎም ፍታሓት ከነምጽኣሎም ከም ዝግባእ ዘዘኻኽር ምዃኑ ሓቢሩ።

ቀጺሉ፡ ንእዋናውያን ምህዞታትን ፈጠራታትን ኣብ ጥቕምና ክነውዕሎም ከም ዘለና ብምዝርዛር፡ ንምሕየሻ ኣዝርእቲ፡ ቅድሚ ተርእዮታት ደርቅን ለብዒ ባልዓትን ዘድልዩ ስርዓታት ቅድመ-ምድላው፡ ዝሓየለ ስርዓት ኣገልግሎት ጥዕና እንስሳ፡ ሓደስቲ ዕድላት ኣብ ንኡስ ጽላት ሃብቲ ዓሳ…ጠቒሱ። ምህዞን ተበላሓትነትን ብመንጽር መግበ-ሕርሻ ፋይዳ ዝህልዎ፡ እቶታውነት ክብ ዘብል፣ ባህርያዊ ጸጋታት ኣብ ምዕቃብ ኣርባሒ፣ ጹረታዊ ዓቕሚ ኮማት ዘበርኽ፣ ኮታ መነባብሮ ህዝቢ ዘመሓይሽ ምስ ዝኸውን ምዃኑ ኣገንዚቡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ዝኽሪ ዓለምለኻዊ መዓልቲ መግቢ፡ ብዘመዝገብናዮ ገስጋስ እናተሓበንና፡ ግን ከኣ ብእኡ ከይተዛነና ዕንቅፋታትና ብዛዕባ እነወግደሎም ፍታሓት ክንሓስብ ዝድርኽ ኩይኑ፡ ውድብ መግብን ሕርሻን ምስ መንግስቲ ኤርትራ ብፍላይ ከኣ ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር፡ ነዚ ኣምር ኣብ ተግባር ንምውዓል ቀጻሊ ጻዕርታት ኣብ ምክያድ ከም ዘሎን ከም ዝቕጽልን ኣረጋጊጹ።

ቃል ወኪል ቤት ጽሕፈት ፕሮግራም ልምዓት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ፡ ሚስተር ፓላሚን በያይ ዘቕረበ፡ ኣቶ ኣዳም ሃብትኣብ ድማ እዚ ኣጋጣሚ፡ ነቶም ንህይወት፡ መነባብሮን ተጸዋርነትን ሕብረተሰብ ዝጸልዉ፡ ድኽነትን ምስኡ ዝተሓላሓዙ ብድሆታትን ንምውጋድ፡ ናይ ሓባር ቃልና እንሕድሰሉ ኣገዳሲ ዕለት ምዃኑ ኣስሚሩሉ።

ቀጺሉ፡ ድኽነት ንምውጋድ፡ ዘየቋርጽ ቃልሲ፡ ሽርክነትን ኣብ ደቂ-ሰብ ዝግበር ወፍርን ከም ዘድሊ ጠቒሱ። ሽርክነት ልምዓት ኣድማዒ ዝኸውን፡ ምስ ቀዳምነታት ዘወሃቦም ሃገራውያን ውጥናት፡ ትካላትን ሓላፍነታውነትን ምስ ዝቃነ'ዩ ዝበለ ኣቶ ኣዳም፡ ንመሻርኽቲ ልምዓት፡ ፍልጠት፡ ሞያውነት፡ ቴክኖሎጂን ሽርክነትን ኣወሃሂዱ ኣብ ልምዓት ሃገር ዝካየድ ጻዕሪ ምድጋፍ ኣገዳሲ ምዃኑ ገሊጹ።


ኣቶ ኣዳም ሃብተኣብ

ኣብ መደምደምታ፡ ምትሕብባር ፕሮግራም ልምዓት ውድብ ሕቡራት ሃገራት (UNDP) ምስ ኤርትራ እምበኣር፡ ካብዚ መረዳእታ ዝነቕለ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ብመሰረት ሃገራዊ ቀዳምነታት፡ ዘላቒ መነባብሮ፡ ጸዓት፡ ምሕያል ዓቕሚ- ሰብ፡ ፈጠራውነት፡ ከምኡ'ውን ሞያዊ ምዕባለን ቀጠባውን ዕድላትን ኣብ ደቂ ኣንስትዮን መንእሰያትን ንምስፋሕ ምስ መንግስትን መሻርኽቲ ልምዓትን ብቐረባ ይሰርሕ ምህላዉን ክቕጽል ምዃኑን ኣረጋጊጹ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ነቲ ናይቲ መዓልቲ ቴማ ዝገልጹ እተፈላለዩ ቪድዮታት፡ ከምኡ'ውን ዛንታ ዓወት ሓንቲ ካብተን ‘100 ጀጋኑ ደቂ ኣንስትዮ’ ማለት፡ “FAO 100 Women Heroes 2026” ተባሂላ፡ ብዓለምለኻዊ ውድብ መግብን ሕርሻን ተዓዊታ ናብ ኢጣልያ ብምኻድ ዝተሸለመት ወ/ሮ ሮዚና መብራህቶም ቀሪበን ኔረን። ብተወሳኺ ኣብ ምርኢት መሃዝትን ሰናዕትን፡ ‘ባህርያዊ ጸረ ባልዕ’ ብዜናዊ ዘካርያስ፡ ‘እተመሓየሸ ጋብላዊ ቀፎ’ ብኢንጅነር ኣማኑኤል ኣንገሶም፡ ‘መርኣያ እብረታት ንርቓሕ’ ብኽኢላታት፡ ዮናስ ገብሩን ጽገሬዳ ክፍሎምን፡ ‘ምርኢት ብጫ ድቓላ ዕፉን’ ብተመራማሪት ሕርሻ ኣቶ ንጉሰ ኣብርሃ ምዕራፍ ተስፋይን፡ ‘ምርኢት ኣገባብ ምርባሕ ዘርኢ ድንሽ’ ብኤደን ተስፋማርያምን ሄዋን ኪዳነን፡ ‘ምርኢት ምድላው ወይኒ ካብ በለስ’ ብሚካኤል ሃብተስላሰ፡ ‘ምርኢት ዝሑል መዐቀቢ’ ብሰጊድለኣብ ሓጎስ፡ ‘ምርኢት ባህርያዊ ዘይቲ ርእሲ/ ሰሊሆም’ ብሚካል ተወልደ፡ ምርኢት ፍርያት ተምሪ’ ብኽኢላታት ሙሴ ፍቓዱን ዶ/ር ዓብደላ ቢን ዓብደላን፡ ‘ምርኢት እተፈላለዩ መግብታት ቀልዑ’ ብኣባላት ማሕበር ሕርሻዊ-ንግዲ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ቀሪቦም።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዓለማዊ መድረኻት ዓቢ ስፖርታዊ ዓወት ዘመዝገቡ ኣባላት ክለብ ኣትለቲክስ ፍረ ጻዕሪ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ መንእሰያት ዳዊት ሰዓረን ሳይሞን ሃብተገርግሽን እተዳለወሎም መተባብዒ ሽልማት ካብ ኢድ ክቡር ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ ተቐቢሎም።

***



**ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!**

ሸባብ

ሃ ማ መ ት ኤ

ሓሳባት

# “ክርዳድ ዘሪእካ ጣፍ ኣይዕጸድን እዩ”

ኤሊ. ገብረ

ወዲ ሰብ ብተፈጥሮኡ ይዕበ ይነኣስ ናተይ ኢሉ ዘውንኖ ትካል ክጉብር እዩ ዝደሊ። ዕድሚኡ ምሉእ ኣብ ትሕቲ ሰብ ተቖጺሩ ክሰርሕ ዝደሊ ሰብ እንተሃልዩ ካብቲ ዝሰርሓሉ ትካል ማእለያ ዘይብሉ ሓለፋታት ዝዋገበረሉ ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል። ዝበዝሐ ሰብ ብፋይናንሳዊ ድዩ ኣካዳምያዊ ዓቕሚ ተሓጺሩ ኣብ ትሕቲ ውልቀሰባትን መንግስትን ተቖጺሩ እዩ ዝሰርሕ። ሓደ መንእሰይ ንፈለማ እዋን ኣብ ሓደ ትካል ተቖጺሩ ስራሕ ኣብ ዝጀምረሉ እዋን፡ ኩሉ መሳርሕቱ ከምኡ ዓይነት ባህሪ ዘለዎ ክመስሎ ባህርያዊ እዩ። እቲ ሰብ እሙንን ቅኑዕን ምስ ዝኸውን፡ ኩሉ ሰብ ከምኡ ይመስሎ፡ ብኣንጻር እዚ እቲ መንእሰይ ተንኮለኛን ሰብ ዘይኣምንን ምስ ዝኸውን፡ ኩሉ ሰብ ኣንጻሩ ዝሰርሕ ተንኮለኛ ከምዝኾነ እዩ ዝሓስብ። ምስ ግዜ ግን ከምቲ ዝተፈላለየ መልክዕን ሕብርን ዘለና፡ ኣብ ሓደ ትካል ዝተፈላለየ ባህሪ ዘለዎም ሰራሕተኛታት ከምዘለዉ ክስቆረካ ብዋዲ እዩ።

ብዘኾነ ጠባይን ባህርያትን ሰራሕተኛታት ናይቲ ትካል ብዘየገድስ፡ ኣብ ሓደ ትካል ኣብ ትቑጸረሉ እዋን ከመይ ዓይነት ሰራሕተኛ ክትከውን እዩ ዘለካ። ዘጉብቦም ደኣ ኣይረኽቡን እዮም እምበር፡ ከመይ ዓይነት ሰራሕተኛ ምስ እትኸውን ኢኻ ብኹሉ ሰብ ፍትውን ዕውትን ከምትኸውን ዝሕብሩ ብርክት ዝበሉ መጻሕፍቲ ተጻሒፎም ኣብ ኢድ ኣንበብቲ በጺሖም እዮም። እንተኾነ ናይ ምንባብ ልምዲ ስለዘይብልና፡ ስራሕና ገዲፍና ኣብ ስራሕ ዘጋጥሙኻ ጸገማትን በደላትን ኣልዕልና ክንዛረብ ጸሓይ በሪቑ ዝዐርብና ውሑዳት ኣይኮንናን።

ሰራሕተኛታት ተኣኪቦካ ኣብ ተዕልለሉ እዋን ኣብ ቦታ ስራሕካ ዘጋንፉኻ ዝተፈለለዩ ሰባት ኣልዒልካ ምዝራብ ልሙድ ተርእዮ እዩ። ሓደ ሓደ እዋን ትሰምዖ ዕላላት፡ ሓደ ፍጡር፡ ኣብ ልዕሊ ካልእ ከምኡ ፍጡር ከምዚ ዓይነት ግፍዒ ክፍጽም ይትረፍ’ሲ፡ ክሓስቦ እውን ዘፍርሓካ ነገራት ተፈጺሙ ክትብሃል ከለኹ፡ ንምእማኑ ኣዚኻ ኢኻ ትጽገም። እዚ ድማ ኣብ ዝተፈላለየ ትካላት ዝተፈላለየ ባህርያት ዘለዎም ሰባት ከምዘለው ተረዲኢካ፡ ዘድሊ ስነኣእምሮኣዊ ምድላዋት ጌርካ ክትኣቱ ከምዘለካ ዘጽር እዩ።

ዝበዝሐ ሰብ ናይ መጀመርታ ተመስጦ (first impression) ኣብ ዝብል ኣምር ኣተኩሩ እዩ ዝሰርሕ። ኣብቲ ናይ መጀመርያ ሳምንታት እተርእዮ ምንቅስቓስ፡ ኣብ ቅድሚ ኣስራሒኻ ሞገስ ንምርካብ ዝዕላሙኡ ኮይኑ፡ ዘገበርካዮን ዘይገበርካዮን ነገራት እናጠቐስካ፡ ኑብስኻ ሰማይ ምስቃል ብዙሕ ሰብ ዝጥቀመሉ ዝበለየ ሸጣራ ኮይኑ ኣሎ። ዝበዝሐ እዋን፡ ከምዚኦም ዓይነት ሰባት ከም ሸጉርቲ እናሓደሩ ዘንብዑኻ ኮይኖም ኣብቲ ፈለማ ኣብ ቅድሚ ሓለፍቶም ብዘረኽቡዎ ሞገስ ንሓያለ እዋን ከም ህርኩት፡ ሕውስን ሓላይን ክሕሰቡ ዘጸግሞም ኣይኮነን።

ገለ ሰባት ድማ፡ ሓለፍቶም ይኹን ካልኦት ሰባት ኣብ ልዕሊኦም ዘለዎም ኣረኣእያ ከየገደሶም፡ ኣብ ስርሖም ተጊሆም ዝሰርሑ እዮም። ሓደ እዋን ሓንቲ ልዑል ናይ ስራሕ ድሌትን ተገዳስነትን ዘለዋ፡ እሞ ድማ ሞሳ ኣብ ዘይትረኽበሉ ንምንታይ ልዕሉ ኩሉ ሰራሕተኛ ተጊሃ ትሰርሕ መሳርሕተይ፡ “እንታይ ገዲሱኪ ክንድ’ዚ ትሃልኪ” ኢለ ምስ ሓተትክዋ ዝሃበትኒ መልሲ ፈጺመ ኣይርስዖን እየ። “ኢደይ ዝሓለፎ ዕዮ ይዕበ ይንኣስ ብዘየገድስ፡ ብጽፈትን ኩሉ ኣድህቦይን ሂበ ክሰርሖ ኣለኒ ዝብል እምነት ኣለኒ” ኢላ ኣተሓሳስባይ ምሉእ ብምሉእ ከምዝቕይር ገይራትኒ እያ። ግደ ሓቂ ተግባር የእዳወካ ዝሓለፎ ስራሕ ፍሉይን ጽፉፍን ክኸውን ኣለዎ። ብዙሓት ድማ ነዚ ከም ናይ ሂወቶም ዕላማ ሰሪዖም ኩሉ ዝጉብርዎ ስረሓት ብጽፈትን ብልዑል ጥንቃቐን ዘሰላስሉ ሃብረማት ሰራሕተኛታት ከምዘለው ኣብ ዝተፈላለየ ትካላት ብጉብሪ ዝረኣናዮ ነገር እዩ።

ብቐጽሪ ደኣ ሒደት ይኾኑ እምበር፡ መንጸሮር ትካላት ዝኾኑ ካብ በዓል ጣፍ’ሲ በዓል ኣፍ እተብሎም ሰራሕተኛታት፡ ኣብ ዝኾነ ትካል ኣይትስእኖምን ኢኻ። ናይ ስራሕ ቅጥዒ ወይ job criteria ናይዞም ሰባት ክትፈልጥ ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ። እዞም ዓይነት ሰባት፡ ግዜኦም ኣብ ክንዲ ኣብ ስራሕ ፡ ኣብ በሊካን ለክዮካን ወረ ኣብ ምእካብን ዘጥፍኡ ኮይኖም፡ ንዘይፈልጥዎ ስራሕ ከም ዝሰርሕዎን ምሉእ ብምሉእ ናቶም ረሃጽ ዝፈሰሶ ከምዝኾነን ገይሮም ናይ ምዝራብ ኣመል ዘለዎም እዮም። ከምዚኦም ዓይነት ሰባት ኣብ ከባቢኻ እንተሃልዮም እቲ ስራሕ ይሕመስ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ መንጎ ሰራሕተኛታት ዘይምትእምማንን ዘይምቅሳንን ይኸሰት። እቲ ዘሕዝን ብዙሓት መንእሰያት ኣብ ከምዚ ዓይነት ተግባር ተጸሚዶም ክትረኢ ከለኻ እዩ።

እቲ ዝዓበየ ጸገም ድማ ከምዚኦም ዓይነት ሰባት ብብዙሓት ሓለፍቲ ዝፍተውን ዝሙጎሱን ምኳኖም እዩ። እቲ ኣዝዩ ዝገርመኒ ድማ ንሓደ ሚዛናውን ኣዝዩ በሊሕን ሓላፊ እውን ከደናግሩ ምኽኣሎም እዩ። ከምዚ ዓይነት ተርእዮ ድማ ነቲ ቅኑዕን ህርኩትን ሰራሕተኛ ሞራሉ ብምህሳይ፡ ኣብ መወዳእታ ስራሕ ክብደልን ናብ ሓፈሻዊ ዕንወት ዝመርሕ ስጉምቲ ክወሰድ ክትረኢ ከለኻ ኣዚኻ ኢኻ እትጉሂ።

ኣብ ገለ እዋናት ግን እቶም ኣብ ላዕለዋይ ጽፍሒ ስራሕ ዝርከቡ ብተመሳሳሊ መስርሕ ዝሓለፉ ኣሰራሕቲ፡ ኑቲ ጉዳይ ብኣጉኡ ዝቁሕሉ እኳ እንተኾኑ፡ ኣብቲ ትካል ንዝዋገበር ንጥፈታት ንምዕዛብ እናፈለጡ ከምዘይፈልጡ ብምምሳል፡ ንሓሰውትን መላካዕትን ከኣንግዱ ይረኣዩ እዮም። ሕማቕ ናይዚኦም ሰባት ብኣሉታ እናጸልወ ንብዙሕ ሰብ ዝልክሙን መንእሰያት ኣብ ክንዲ ብስርሖም ብመልሓሶም ክፍተው ናይ ምፍታን ባህሊ ስለዘሰርጹን እዩ ። እቲ ምኽንያት ንጹር እዩ። ማንካ ከየልዓሉ ኣብ ዘይመዓልቶም ናይ ስራሕ ዕቤት ክረኽቡ ዝተዓዘበ ሰብ፡ ተሰፋ ቀሪጹ ንስራሕ ሸለል ብምባል ኣብ በሊካን ለክዮካን ክጽመድ እምበር፡ ጸዒሩ ሰርሑን መንፈዓቱን ከርኢ ዝደሊ ኣዝዩ ውሑድ እዩ።

ካልእ ጉድለ ሰራሕተኛታት ጉድለ ተጸለውትን እንታይ ይጉብሩ ከምዘለው ዘይፈልጡን እዮም። እዞም ዓይነት ሰባት ህርኩት ሰራሕተኛ ኣብ ከባቢኦም ምስ ዝህሉ ኣዝዮም ህርኩታት ሰራሕተኛታት ይኾኑ። ኣብ ከባቢኦም ኣዝዩ ሀኩይ ሰራሕተኛ ምስ ዝህሉ ድማ ግዜኦም ኣብ ዕላልን ሃለውለውን ዘጥፍኡ እዮም።

ብዘኾነ ሓደ መንእሰይ ከመይ ዓይነት ሰራሕተኛ ክኸውን ይግባእ። ርግጽ እዩ፡ ወለዶ ሎሚ ዓቕሊ ከም ኣርእስቲ ተታሒዙ ዕሙቕ ዝበለ ትምህርቲ እንተዘይተዋሂብዎ፡ ዓቕሊ ብቐሊሉ ከጥርዮ እንኽእል ሞያ ኣይኮነን። ኩሉ ነገር ብታህዋኽን ሃታ ሃታን ክንበጽሖ ስለእንደሊ፡ ብዙሕ እዋን ዘይሕጉሳትን ዘይቅሱናትን ንኸውን ኣለና። እትሰርሖ ስራሕ ብዓቕልን ትዕግስትን ዝተሰነየ ምስ ዝኸውን ወዓሉ ሓዲሩ ጻዕርኻን ዓወትካን ዘይፍለጠሉ ምኽንያት የለን። ኣብ ርእሲ እዚ እውን እትሰርሖ ስራሕ ንግበሮ እምበር ኣይንጸብቆ ዓይነት ክትሰርሖ የብልካን። ሓላፊኻ ዝሀቦካ ክብረትን ኣብ ልዕሌኻ ዘለዎ ኣረኣእያን ብዘየገድስ፡ ስራሕካ ምሉእ ኣድህቦ ተፈላጥነትን ክሳብ ዝረክብ ስራሕካ ብጽፈትን ብኣሳልጦን ካብ ምስልሳልን ኣብ ግዜኻ ኣብ ቦታ ስራሕ ካብ ምርካብን ክትብኩር የብልካን። ኣብ ርእሲ እዚ እውን፡ ክትዛረብ ኣብ ዘድልየካ እዋን ርእይቶኻ ካብ ምሃብ ክትቁጠብ የብልካን። ብዘዕባ ንስኻ ዝሰራሕካዮ ስራሕ ኣብ ዝዘረበሉ እዋን ከም ሓደ ዓባስ ትም ተብል እንተኾንካ፡ ሰባት ኣብ ልዕሌኻ ንዕቀት ከሕድሩን ንስራሕካ ከከሻምሹን ዕድል ትፈጥር ምህላውካ ክስቆረካ ክኽእል ኣለዎ። ዘረባኻ ቅጡዕን ተራርን እንተኾንካን መርትዖን ጭብጥን ኣሲኻ ትዛረብ እንተኾንካን ብርግጽ ኣብ ስራሕካ ክትክበርን መዞኑኻን ሓለፍትኻን ነኣብርክቶኻ ከለልይዎ ከምዝጅምሩን ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ልዕሊ ኩሉ ዘሰክፈኒ ነገር ግን ስነ-ምግባር ስራሕ ማለት work ethics ይጠፍእ ምህላው እዩ። ኣብ ምንቃፍ ዝቐድመና የለን። ኣብ ዝተፈላለየ ትካላት ጉዳይ ክሰልጥ ኣብ እንኸደሉ እዋን፡ ኣብ ሰራሕተኛታት ናይቲ ትካል እንዕዘቦ ጉድለት፡ ምሉእ መዓልቲ ኢና ክንዛረበሉ እንውዕል። ከምዚ ዓይነት ኢጋጣሚ ግን ንውሽጥና ክንርኢ እዩ ዝቐስበና። ንሕና’ኸ ኣብ ቦታ ስራሕና ከመይ ኢና። ሰዓታት ስራሕ ነኽብር’ዶ፡ ንእነገልግሎ ሰብ ብፍቕርን ብኣኽብሮትን ነገልግሎ ዶ፣ እዚን ካልእን ንኹብስና ክንሓታ ዝግበኣና ሕቶ እዩ።

ሰብ ዝዘርኦ እዩ ዝዓጽድ፡ ስርናይ ዘሪእካ ጣፍ ክትዓጽድ ምጽባይ የዋህነት እዩ። ትህኪት ዘሪእካ ድማ ዓወት ክትሓፍስ ከምዘይትኽእል ክንርደእ ይግበኣና። ስለዚ ደቂ ኤረይ ጻዕዳ ከም ኣያታትና ጻዕራማትን ቅኑዓን ሸቃሎ ደኣ ንኹን።

# ፍቕሪ ሓንቲ እንተገበርናያ ከመይ!!?

ሚኪኤል ኣዳም

መብዝሕትና መቸም ነዛ ኣርእስቲ ምስ ረኣና ፍቕሪ ደኣ ካብ መዓስ’ያ ክልተ ወይ ዓሰርተ ዝኾነት!? ኢልና ንኸውን ኢና። ብርግጽ እታ ፍቕሪ ሓንቲ’ያ። ኮይኑ ግን ካብ ወዝቢ ናብ ወዝቢ፣ ካብ ኩነታት ናብ ኩነታት ብዙሕ ፍልልይ ኢኻ ትርእየላ። ብሓበሻ እንዶ ንርኣያ። ንዓርክና ወይ ምሓዛና ንሓውና፣ ጎረቤትና፣ ንወላድና፣ ከምኡ’ውን ንወላዲና እነርእዮ ፍቕሪ ሓደዶ ንብላ? ኣይኮነት…ን!! ምኽንያቱ ንሓንዶ ሓደ ዓርክኻ ዝበረ ብገለ ጉዳይ ምሳኻ ምስ ዘሰሓሓብ እሞ ዘይምስምማዕካ ንንውሕ ዝበለ ግዜ ምስ ዝጸንሕ እቲ ዝበርካ ምትሕልላይ እናጎደለን እናተረሓሓቕካን ኢኻ ትኸይድ። ጎረቤትካ እሞ ኸኣ..! ዋላ’ውን ብኣዝዩ ቀሊል ጉዳይ ተኸራሪ እዚ ኹሉ ኣብ ቤት ሓድሕድካ እቲው ወጽእ ክትብሎ ትውዕል ዝበርካ ብሓደ መዓልቲ ይጠፍእ። ክንዲ ይቕረ ምብህሃል ድማ ክልቴኻ ናይ ትዕቢት መንፈስ ወሪሩካ እቲ ሓደ ገለ እናገበረ ዓቕሙን ኣብ ልዕሌኻ ዘለዎ ጽብለልታን ከርኢ ክፍትን ከሎ ንስኻ ድማ ካብኡ ከምዝትይሓምቐን ኣብኡ ከም ዘይትምርኮሰን ከተርኢ፣ ፍቕሪ ጠፊኡ ህልኽ ይዕብልል። በዚ ከየቋረጸ ምስጢር ሓድሕድካን ኣሕሊፈሉ ዝበልካዮ ነገራትን ነንዘመጺ ይቕርርዚ’ዩ ዝበልካዮ ምዝራው ይኸውን። እዋእ!! እሞ እቲ ዝበረ ፍቕሪ ደኣ ናበይ ከይዱ? ተወዲኡ? ከመይ ኢሉ? ፍቕሪዶ ይውዳእ እዩ? ኣሃ……..! እሞ እዚኣ እታ ሓንቲ ዓይነት ፍቕሪ’ያ። ኣየናይቲ? እንድዒ። እስከ ገለ ካልእ ዓይነትካ ንፈትሾ።

ብኣንጻር እዚ ክንጠቕሶ ዝጸናሕና ድማ ሓደ ወላዲ ንውሉዱ ዘለዎ ፍቕሪ መወዳእታ ዘይብሉ ኮይኑ ትረኽቦ። ብዙሓት ወለዲ ሓደ ወይ ሓንቲ ካብ ደቆም ቀይዲ በተኽ ምስ ዝኾኖም እሞ መኸሮም’ውን ምስ ዘየስምዕዎ ተስፋ ቆሪጾም ባዕሉ ይፈልጥ ክብሉ ኣይትርእን። ብዙሓት ዓበይቲ ምኽሮ ምኽሮ እንተ ኣብዩ ግን መከራ ይምከሮ ኢሎም ይምስሉ’ዮም። ኮይኑ ግን ኣብ ወሉዶም ምስ በጽሐ ብኡ ከየቋረጹ እንተስ ሳኽሪም ኮይኑ ካብ ዘለዎ ክኣርዩ፣ እንተስ ሰራቒ ወይ መዕገርገሪ ኮይኑ ካብ ዝተኣሰሮ ወይ ዝትዓቐበሉ ቦታ ክደልይዎ ወይ ክደልይዎ ትዕዘብ። ሳሕቲ’ውን ሕማቕ ተግባራቱ እናፈለጡ ኣይጉብርኳ ወይ ኣይትጉብርን’ያ ኢሎም ክንዲ ብጹሕ ወሉዶም ክምሕሉን ክሓልፉን ትዕዘብ። እዚ ዓይነት ፍቕሪ’ኸ ድኣ እንታይ’ዩ? ከምታ ሓንቲ፣ ኣየነይቲ ሓንቲ? ዕንድዒ…! ሕጂ’ውን ካልእ እንተሃልዩ’ ሰከ ንርኣ።

ብኻልእ ወገን ምስ እንርኢ ድማ ሰባት ካብ መቕርብ መን ይቕርብ ብዝብል ኣምር ተመሪሖም ኣብ ክልተ ብሓደ ዓይነ ዝጥምትዎም ቀረብቶም ዘይምዕሩይ ዝምድና ትዕዘበሎም።

ኣብ’ዚ ከም ኣብነት ናይ ሓደ ብቐረባ ዝፈልጦ ሰብ ታሪኽ ንትዓዘብ፡ እቲ ሰብ ነዊሕን ዝተሓላለኸን ዓይነት ስድራቤታዊ ምስጠራት ዓቢዩ፣ ኣብ ጉዕዞ ህይወት ንብዩኑ ክጉዓዝ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ሓንቲ መጓዕዝቲ ህይወት ትኾኖ’ያ ዝበላ ጓርዞ ይረክብ። እዛ ሰብ ኣብ መጀመርታ ብኹለንትነኣ ፈቃር፣ ምስጢራቱን ጸገማቱን ሰሚዓ መፍትሒ ጸገሙን ምስጢሩ ትዕቅብ ወረጃን እያ ነይራ። ንሱ’ውን ብወገኑ እቲ ኣሎ ዝበሎ ፍቕሪ፣ ምሕንኻንን ኣኽብሮትን እናመገበ ቅድሚ ሕጂ ዝበራ ገለ ገለ ጸገማት ተሓቢኦ ኣብ ምፍታሕ ይተሓጋገዝ ነበሩ። ድሕሪ ቁሩብ ግን እዛ ጓርዞ እንተስ መንያ እንተስ ካልእ ጠሚታ ብዘጠቕምን ዘይጠቕምን ካብ ሰዓታት ክሳብ መዓልታት ዝቐጽል ኩራን ዘይተደልየ ቀብጠርጠር ዝመልኦ ናይ ሰዲ ቀልዓ ጠባይን ከተርኢ ትጀምር። ካብ’ዚ ሓሊፉ ድማ ያኢ ንሱ ጓና ኮይኑ ኑተን መቕርበይ ዝበለተን ኣሕዋታን መሓዙታን ኣቢባ እቲ ኣቐዲማ ወረጃ ዝተባህለትሉ ምዕቃብ ምስጢር ራሕሪሓ እቲ ብወግዒ ዝተዋገረን ይኸውን’ዩ ኢላ ዝጠርጠረቶን ንመማቕርቲ ዝኾንዋ ቃላት ብምሕዋስ ክትዘርዎ ትጀምር። ንሱ’ውን ብወገኑ ገለ ይሃስያ እዩ ዝበሎ ነገራት ፈይ ከብል ጀመረ። እዋ.እ!! ኣብ’ዚ’ኸድኣ እንታይ ተረኽበ? እዚ ዓይነት ተርእዮ ኣብ ብዙሓት መጻምድቲ’ዩ ዘጋጥም። ገለ ካብ’ዞም ከምዚ ዘጋጠሞም ሰብ ሓዳር እንተኾይናም እዚ ኩሉ መበልይቲ ኢና ዝተበሃሃልዎ ድኣ ኣበይ በልዩ? ፍቑራት እንተኾይኖም ድማ እዚ ኹሉ መብጽዓታት ናበይ ተረሰዐ? ኣሃ…!! እሞ እዚኣ ከምታ ትውዳእ ፍቕሪ ኢያ። እዋእ!! ፍቕሪዶ ትውዳእ’ያ? እንድዒ!። እሞ እንታይ ደኣ ክንብል?

ብዘኾነ እዚታት ብተደጋጋሚ ምስ ተዓዚበ፡ እየ ፍቕሪ ዓይነታት ከምዘለውዋ ክስተብህል ዝጀመርኩ። ካብ’ዚ ኩሉ ግን እታ ትሓይሽ ዝበልክዋ እታ ብወላዲ ንወልዱ ትምጦ ፍቕሪ እያ። ኩሉ ሰብ ከምቲ ወለዲ ገይሮም ንወሉዶም ዘፍቅርዎ እንተ ተፋቒሩ፣ ከምቲ ወለዲ ገይሮም ንወልዶም ክፉኡ ኩሉ ዝሓደገን ብኡ ንኽጠፍእ ዘይተሓስ ዳግም ንኽትንሰእ ዘተባብዕምን እንተተደጋጊፍናን ሞራል እንተተወሃሂብናን እዛ ኣብ’ዛ ዓለም ንነብራ ሓጻር ግዜ ጥዕምቲን ጣዕሳ ዘይብላን ከም ትኸውን ርግጸኛ እየ። ነዛ ክብላ ዝጸናሕኩ መመላእታ ትኾነና ገለ ተምሳጥ ከተሕድረልና ትኽእል’ያ ዝበልክዋን እምበኣር ካብ’ዛ Touching & Inspiring Stories ትብል ምንጪ፡ ጽሑፋት ዝረኸብክዎ፣ ብመልክዕ ዘርርብ ዝቐረበት ጽሕፍቲ ከተፍልጠኩም። እቲ ዘርርብ ኣብ ሞንጎ ርሳስን መደምሰስን’ዩ፦

ርሳስ፦ ይቕሬታ

መደምሰስ፦ ንምንታይ? እንታይ’ዶ በዲልኪ ኢኺ?

ርሳስ፦ ይቕሬታ ምኽንያቱ ብሰንከይ ትህሰዪ ኣለኺ። ጌጋ ኣብ ዝፈጸምኩሉ ግዜ ንስኺ ኢኺ ንጌጋይ ትድምስስለይ። ንጌጋይ ኣብ እትድምስስሉ ግዜ ግን ገለ ክፋል ኣካልኪ ኢኺ ተጉድሊ። ኩሉ ግዜ ድማ እናደቐቕኪ ኢኺ ትኸዲ ዘለኺ።

መደምሰስ፦ ሓቂ’ዩ። ግን በዚ ሕማቕ ኣይስምዓንን እዩ። ርኢኺ፣ ኣነ ንስኺ ኣብ ዝተጋገኽሉ ንኽሕግዘኪ እየ ተሰሪሐ። ዋላ’ውን ዝ እናገበርኩ ሓደ መዓልቲ ንዘልኣለም ከም ዝወዳእኩን ብኻልእ ከም ትትካእንን ይፈልጥ እንተኾንኩ፣ ብዘኾነ ዘለኹ ዕጉብቲ እየ። ስለ’ዚ ብኣይ ኣይትሻቐሊ ሓዘንኪ ክርእየኪ ኣይደልን እየ።

እዛ ዘርርብ ኣብ መንጎ ርሳስን መደምሰስን ኣዚያ መሳጢት ኮይናኒ ረኺበያ። ኣብ’ዚ እቶም ስድራቤት ብመደምሰስ ክምስሉ ከለዉ፣ እቶም ደቆም ድማ ብርሳስ’ዮም ተመሲሎም። ወለዲ ንጌጋታት ደቆም ክድምስሱ ኩሉ ግዜ ምስትረኽቡ እዮም። ዝ ንምግባር ብዙሕ ግዜ ኑብሶም ይሃስዩን ይሸክሩ’ዮም። በዚ ድማ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናደቐቑ ማለት እናኣረጉ ክሳዕ እታ ዝሞቱላ ግዜ ይጽዕሩ። ወለዲ መውዳእትኡ ወዲ እንተወለዶም ብበዓልቲ ቤቱ ጓል እንተወለዶም ብበዓልቤታ ከምዝትክኡ እናፈለጡ ክሳብ’ታ ዕለት ሞቶም ኑቶም ፍቱዋቶም ዝኾኑ ውሉዶም ክሕግዙ ወትሩ ቁሩባትን ሕጉሳትን እዮም። ደቆም ሕማቕ ተሰሚዕዎም ክርእዩ ድማ ፍጹም ኣይደልዩን እዮም። ብርግጽ ኩላትና ንወለድና ከም ርሳስ ኮይንና ኣብ ነፍሲወከፍ ጌጋና እናኣሕቐቕናዮም ኢና ዓቢና፣ እቲ መወዳእታ ኑርፎ እንተሃልዩ ድማ ዝኸሩታቶም ጥራይ እዩ።

ስለዚ ኩልና በብወገንና ዋላኳ ነፍስና ንህሰ እንተዘይኮነ፣ ሕድሕድና ገለ ቁሩብ ማሳዋእቲን እናኸፈልና ኣብ ሓድሕድና ዘሎ ፍቕሪ ሓንቲ ማለት ልክዕ ከምቲ ናይ ወለዲ ንደቆም ክንገብራ’ሞ ንፈትን ናይ ሓጺር ዘይተሓሰ ሩፍታ ዝመልኦ ዘልኣለማዊ ዕግበት ክሰምዓና’ዩ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ወ/ሮ ኣበባ ወልደሚካኤል ከሳሲት ወላዲተይ መድህን ወልደሰላሴ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ ሓንቲ ሓፍተይ ወራሲት ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣበባ ወልደሚካኤል ከሳሲት ስም ወላዲተይ መድህን ወልደሰላሴ ደስቱ ምባል ተሪፉ፡ መድህን ወልደሰላሴ ከሳሲት ተባሂሉ ክእረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኤደን ከሳሲት ኣርኣያ፡ ወኪል ወ/ሮ ጺጋ የውሃንስ ኣዳል፡ ኣሕዋተይ 1.ወ/ሮ ኣስቴር ኣርኣያ ተወልደ 2.ወ/ሮ ሩታ ኣርኣያ ተወልደ 3. መኮንን ኣርኣያ ተወልደ 4.መኣዛ ኣርኣያ ተወልደ 5.ፈትለወርቅ ኣርኣያ ተወልደ 6.ኣለምሰገድ ኣርኣያ ተወልደ፣ ጥፉኣት ስለ ዝኾኑ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ጥራይ ወራሲት ምዃንና ይረጋ ገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/26 ኣብ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ብርሃና ብሩ ተስፋማርያም፡ ኣደይ ሓዳስ ኢማን ዑቕባሚካኤል ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኤርትራ ተስፋሰላሴ፡ ኣደይ ለተሰላሴ ሃብተጊዮርጊስ፡ ሓብተይ ኣበባ ተስፋሰላሴ፡ ሓወና ኀይትኦም ተስፋሰላሴ ስለዝዐረፉ፡ ናይ ኣደይ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና፣ ናይ ኣሕዋተይ ድማ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ፋቱማ ኣሕመዲን ሓሰን ምባል ተሪፉ፡ ፋጥማ ኣሕመዲን ሑሴን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ቤዝሆር መኮንን ኣማኒኤል ምባል ተሪፉ፡ ሰም ሞኮንን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተኽለገዮርጊስ ተኪስተ ምባል ተሪፉ፡ ተኽለጊዮርግሽ ተኽስተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መቐርካ

ብርሃ ኣብርሃም ሃብተማርያም ምባል ተሪፉ፡ ዳኒኤል ኣብርሃም ሃብተማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ መሓሪ ምስጉና ተድላ፡ ወላዲየይ ምስጉና ተድላ ማና ስለዝዐረፈ፡ 6 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና። ወላዲተይ ምሕረት ተኸለማርያም ጉብረመድህን ስለዝዐረፈት፡ 3 ደቃ ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገርጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወረስቲ ነ/ፍ ፍረ ወርዕ ሕመድ 1. ወ/ሮ ለተዝጊ ፍረ ወርዕ፡ ወኪል ስምኦን ጉብረየሱስ 2.ወ/ሮ መድሃኒት ፍረ ወርዕ፡ ወኪል ኣሮን ጊላዝጊ 3.ነ/ሄር ለተማርያም ፍረ ወርዕ፡ ተካኢት ሰሎሞዊት ክፍለማርያም፣ ተጸዋዕቲ ወረስቲ ነ/ሄር ፍረ ወርዕ ሕመድ 1.ኣቶ ወርዕ ፍረ ወርዕ 2. ኣቶ ዘርእማርያም ፍረወርዕ 3.ነ/ ሄር ፍስሃ ፍረ ወርዕ ተካእቲ 1.ሳሚኤል ፍስሃ 2.ሰናይት፡ ፍረ ወርዕ፣ ናይ ፈጻሚ መዝገብ ተኸፊቱልኩም ስለ ዘሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይ ቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጡ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ሂወት ጉብረገርግስ ጉብረሰላሴ፡ ተኸሳሲ መንግስትኣብ ሚካኤል ሃብተሚካኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ይግባይ በዛሊ ኣኽበር ሕጊ፡ መልሲ ወሃቢ ኣቤል ሃብቱ፡ ተጸዊዑ ን04/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይ ቀሪቡ፡ ቤት ፍርዲ መልሲ ወሃቢ ኣብ ዘይብሉ ውሳኔ ክሀብ ምዃኑ ንፈልጥ።

ጉብረኣብ ብርሃ ጉብረሚካኤል፡ ወለደይ ብርሃ ጉብረሚካኤልን ሽዋ ተከኤ ጉብረየውሃንስን ስለዝዐረፉ፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ከሳሲት ሮግኣት ጉብረሃዋርያት ተስፉ፡ ተኸሳሲ ተስፋኣለም ጉብረመድህን ተስፋይ፡ ብዋልቲ ቤትካ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል 2/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጾሮና

ቢላል ኢብራሂም መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ቢላዲን ኢብራሂም መሓመድ ተባሂሉ ክእረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይምነ

ወ/ሮ ፋኑስ ጉብረየሱስ ከሳሲት፡ ብዓልቤተይ ሃይለስላሴ መሻሾ በርህ ስለዝተሰወሩ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ሓጎሳ ሃብተ ኣርኣያ፡ ብዓል ቤተይ ክፍላት ቀሺ ጉብረሂወት፡ ብዘወት ከሎ ዝገደፈለይ ቃለ ኑዛዜ ክጸድቀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣብርሀት ቀለታ ጉብሩ፡ ብወኪላ የናስ ፍቃዱ ታፍላ፡ ወደይ ቢንያም ፍቃዱ ታፍላ ስለዝዐረፈ፡ ምስ ኣቡኡ ፍቃዱ ታፍላ ወለዱ፡ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ፋጥና መሓመድ ኣልሓሰን ምባል ተሪፉ፡ ፋጥና መሓመድኣልሓሰን መሳ ተባሂሉ ክእረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ሓምድ ኣደም ሳልሕ፡ ስም ወላዲተይ ፋጥና ሓምድ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ሓሊማ ሓምድ መሓመድ ተባሂሉ ክእረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ሃጀር ዓብዱ ኢብራሂም፡ ስም ኣደይ በኸታ ዑስማን ምባል ተሪፉ፡ በኪታ መሓመድ ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሶፍያ ዓብዱ መሓመድ፡ ስም ትሕተ ዕድመ ደቀይ ፋዋዘ መሓመድፋርድ ዑስማን ምባል ተሪፉ፡ ፋዋዘ መሓመድ ፈረጅ ዑስማን፣ ከምኡ'ውን ዓብዱ መሓመድፋርድ ዑስማን ምባል ተሪፉ፡ ዓብዱ መሓመድ ፈረጅ ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳዕድያ መሓመድ ፈርጅ ምባል ተሪፉ፡ ሳዕድያ መሓመድ ፋርድ ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ነጅማ ማሕሙድ ዑመር ምባል ተሪፉ፡ ሰም ደሊና ማሕሙድ ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ልችያ የማ ኣብርሃ፡ ብዓል-ቤተይ ተስፋኣለም የውሃንስ ፍስሃየ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ኣሰካሉ ሃብትዝጊ ተላ፡ ብዓልቤተይ መሓሪ ሃብተ ጉብረየሱስ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ንሳልሳይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ዜና፡ ንኣባላቱ ናይ ጸጉሪ ስርሓትን ምጽብባቕን (ምምሻጥን ሜክኣፕ) ኣገልግሎት ዝህብ ትካላት ከማሓርት ስለ ዝደለዩ፡ በዚ ሞያ ዝጠፍኡ ትካላት ንጨረታ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዝግባእ ነጥብታት፦

- ተጫረትቲ፡ ናይዚ ሞያ እዚ ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ 2025 ግብሪ ዝኸፈሉሉ መረጋገጺ ሰነድ ከቕርቡ ይግባእ።
- ተጫረትቲ፡ መኽበሪ ጨረታ 5,000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ ናቕፋ) C.P.O ወይ ጥረ ገንዘብ የትሕዙ።
- ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት ጀሚሩ፡ ን10 ተኸታታሊ ናይ ስራሕ መዓልቲ ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ዘሎ ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 3:00 ድ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪሎቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ይኽፈት።
- መጫረቲ ሰነድ ካብ ሚኒስትሪ ዜና ቤት ጽሕፈት ዕድጊ ክወስዱ ይግባእ። ንዝያዳ ሓበሬታ ብቑ/ቴል 201820/121884 ምውካስ ይከኣል።
- ሚኒስትሪ ዜና፡ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ነዚ ጨረታ ብምሉኡ ወይ ብኸፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒስትሪ ዜና

## ንሳልሳይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ዜና፡ ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ቤት ጽሕፈቱ ዘገልግሉ ናይ ካፊተርያ ማሽን ሻሂን ቡንን ንምጽጋን ከማሓርት ስለ ዝደለየ፣ ግዱሳት ሕጋውያን ንጨረታ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዝግባእ ነጥብታት፦

- ተጫረትቲ፡ ናይዚ ሞያ እዚ ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ 2025 ግብሪ ዝኸፈሉሉ መረጋገጺ ሰነድ ከቕርቡ ይግባእ።
- ተጫረትቲ፡ መኽበሪ ጨረታ 5,000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ ናቕፋ) C.P.O ወይ ጥረ ገንዘብ የትሕዙ።
- ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት ጀሚሩ፡ ን10 ተኸታታሊ ናይ ስራሕ መዓልቲ ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ዘሎ ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 3:00 ድ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪሎቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ይኽፈት።
- መጫረቲ ሰነድ ካብ ሚኒስትሪ ዜና ቤት ጽሕፈት ዕድጊ ክወስዱ ይግባእ። ንዝያዳ ሓበሬታ ብቑ/ቴል 201820/121884 ምውካስ ይከኣል።
- ሚኒስትሪ ዜና፡ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ነዚ ጨረታ ብምሉኡ ወይ ብኸፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ንዝተሓለወ እዩ።

ሚኒስትሪ ዜና

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኻላ

ከሳሲ. ቀሺ. ታደሰ ሽሞንዱ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ ተስፋማርያም ክፍላይ +9 1.ኣቶ ዘርኣይ ተስፋማርያም ክፍላይ 2.ኣቶ ጃምጥ ተስፋማርያም ክፍላይ 3.ሽዊት ተስፋማርያም ክፍላይ 4.ኣቶ ገረስሳሴ ተስፋማርያም ክፍላይ 5.ኣቶ ጳውሎስ ተስፋማርያም ክፍላይ 6. ታትዮስ ተስፋማርያም ክፍላይ 7. ለምለም ተስፋማርያም ክፍላይ 8.ወ/ሮ ዓጀመረ ተስፋማርያም ክፍላይ 9. ኣቶ ሰገን ተስፋማርያም ክፍላይ፣ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ ተስፋማርያም ክፍላይ ቁ.2 ኣቶ ጃምጥ ተስፋማርያም ክፍላይ ዝኾኑ ተኸሰስቲ ቁ. 5.ኣቶ ጳውሎስ ተስፋማርያም ክፍላይ ቁ. 9. ኣቶ ሰገን ተስፋማርያም ክፍላይ ተኸሰስቲ ኣድራሻም ክርከብ ስለዘይተኻእለ ተኸሰስቲ ናይ ሽርክና ውዕል ይፍረሰልና ዝበል ክሲ. ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ. ወኪልኩም ን9/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቡ።

ኣመልካቲ ተኽለ ተስፋገርግሽ ወልዳይ፡ ተጻዋዕቲ 1.በራሂ ተስፋገርግሽ ወልዳይ 2.ለተስላሴ ተስፋገርግሽ ወልዳይ 3. ፍረወይኒ ተስፋገርግሽ ወልዳይ፣ ድሕሮም ስለዘይብለይ፡ ጥፉኣት ተባሂሎም ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ጺጋይ ገብረመድህን ገብረኪዳን፡ ወለድና ገብረመድህን ገብረኪዳን ወልደገርግስን ወ/ሮ ደሃብ ደስታ ኪዳን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይን ምስ ናይ ክልተ ተተካእቲ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለን ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቀሺ. ዕቑባማርያም ገብረሚካኤል ሃይሉ፡ ወላዲና ኣቶ ገብረሚካኤል ሃይለ ተኽለሃይማኖት ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ሻሹ ገብረማርያም ዓንደሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ሰለሙን ገብረሂወት ሰባሃቱ፡ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማለትይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቕና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ኣበራሽ ዘርኣሰናይ በርሀ፡ ተኸሳሲ. ዓወት ረዘነ ተስፋ፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ን13/11/26 ቅረብ፡ እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ኣፍልጥ።

ብስም ኣቶ ግርማይ ሃይለ ተኽለኣብ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL-5727 ቁጽሪ መዝገብ dar-5286 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ሃዳሙ ዝርከብ ናይ tco ጨርቃ መርቂ ትካለይ፡ ኣቶ ዓብደልዓዚዝ ሙሳ ኑር፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቀይሕ ቴሌፎን 07575685 ካብ ዕለት 2/7/2026 ክሳብ 2/7/28 ኣካርዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ. ምልክታ'ዚ. ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ 4 ኣስመራ ጎደና 137-18 ቁፅ. ዚፕ ኮድ 4 ኣስመራ 1A137 ፕሎት 48 ፓርሰል A2 ስፍሓት መሬት 140 ት/ሜ ብመለለዪ ቁጽሪት 1፡ 003109 ብስም ሚካኤል ፍስሃ ተስፋማርያም ዝተመዝገበ ኦርጂናል ሊብረቶ ናይ ገዛ ስለ ዝጠፍኣ፡ ረኺቡዮ ወይ'ውን ብዕዳ ሐዚዩ ዝበለ እንተሃልዩ፡ ብቁ. ቴሌ 07120556 ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልቲ ደዊሉ ይርከበ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክወሃቦ. ክሓትት ምኻነይ እሕብር።

ፍኖሪ ክብሮም ገዛኢ.




X. መራሒ ብብቕዓት ክመርሕ እንተኾይኑ ብብዝሒኡ ፍልጠትን ተሞኩሮታትን ክዕቢ ይግባእ። መጽሓፍ ተወከሰ።

X. ኣብ ዝኾነ ጽፍሒ ዘሎ መራሒ ነዛ መሳጢትን ደራኺትን ግብራዊትን መጽሓፍ ክንብብ ይግባእ።

"ምንባብ ምሉእ ሰብ ይገብረካ።"

ኣከፋፋሊቲ ኣውገት መሸጣ መጽሓፍቲ፡ ሰቲት ሰተሽነ

## Notice Announcement

**RIDA ENGENEERING & CONSTRUCTION CO. LTD** undertaking exploration activity in Kerkebet North area.

Here by Rida Group is publically announcing under the Resolution of the Board of Directors on the meeting held on the 23rd of April 2026, that appointed Mr. Osama Taj Al- Sir Hamad to be a General Manager of our Branch Office in the State of Eritrea.

Certifying that this Corporation is duly organized and existing and has the power to take the action called for by the foregoing resolution.

## PHARMECOR – ERITREA
## JOB ANNOUNCEMENT

Pharmecor – Eritrea invites qualified applicants for the following post.

| Position Description | |
|---|---|
| Position | IT Officer |
| Required No. | 1 (One) |
| Work Place | Asmara |
| Qualification | B.Sc./Diploma in Computer Science / Computer Technology or other related fields. |
| Experience | Two years for B.Sc. and four years for Diploma other related fields |
| Salary | As per Company Scale |

- Completed / Exempted from National Service.

Applicants should submit their resumes within 10 days from date of publication in the newspaper to:

PHARMECOR – ERITREA P.O.Box 200 Tel: 122613 / 114444

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

# State of Eritrea
# Ministry of Agriculture
# Letter of Invitation for Bids

1. The State of Eritrea, Ministry of Agriculture, and National Project Coordination Office (NPCO) has received financing from the International Fund for Agricultural Development (IFAD) and intends to apply a part of the proceeds of the financing to this purchase. The use of any IFAD financing shall be subject to IFAD's approval, pursuant to the terms and conditions of the financing agreement, as well as IFAD's rules, policies and procedures. IFAD and its officials, agents and employees shall be held harmless from and against all suits, proceedings, claims, demands, losses and liability of any kind or nature brought by any party in connection with Integrated Agricultural Development Project (IADP)
2. The Integrated Agricultural Development Project (IADP) includes three components and has six years' lifetime starting June 2022. The overall goal of the project is to contribute to poverty reduction and food and nutrition security of rural households. The project Development objective is to enhance small holder agricultural production and productivity in sustainable way and improves rural livelihoods.
3. This IFB follows the general procurement notice that appeared on the IFAD website on 27 April 2026, and national newspapers Haddas Eritrea/ Eritrean profile on 13 May 2026.
4. The purchaser now invites sealed bids from eligible entities (bidders) for the Procurement of Rabbit cage (stainless steel) with all its accessories, sticky yellow trap and mini-incubators for Akria integrated Agri-Tech Solution assorted in 3 lots at CIF Massawa Sea port for Goods supplied from the outside of the country or MOA Ex-warehouse for Goods supplied from within the country with 240 days delivery period from contract signature. More details on these goods and related services are provided in the schedule of requirements in this bidding document.
5. This IFB is open to all eligible bidders who wish to respond. Subject to the restrictions noted in the bidding document, eligible entities may associate with other bidders to enhance their capacity to successfully deliver the goods and related services.
6. The goods and related services, and the contract expected to be awarded, are divided into the following lots: Lot -1 Procurement of Rabbit cage (stainless steel) with all its accessories for Akria Integrated Agri-Tech Solution, Lot -2 Procurement of sticky yellow trap and cue-lure baited trap for fruit fly (Backtrocera) and Lot -3 Procurement of mini-incubators for Akria IOAS.
7. Bidding will be conducted using the national competitive bidding (NCB) method, the evaluation procedure for which is described in this bidding document, in accordance with the IFAD Procurement Handbook which is provided at www.ifad.org/project-procurement. The NCB process, as described, will include a review and verification of qualifications and past performance, including a reference check, prior to the contract award. 8. Please note that a pre-bid conference will not be held as described in the bid data sheet (BDS), Section III of the bidding document.

9. Bidders interested in submitting a bid shall get the bidding document for free against application letter. Bidding documents can be obtained by sending an e-mail or letter, giving full contact details of the bidder, to the following point of contact. This will ensure that the bidders receive updates regarding this bidding document. To: Ministry of Agriculture, Procurement and Supplies Management Division (PSMD) Lidia Russom (Senior Procurement officer) Sawa Street, Asmara, Eritrea Email: Lidyarusomlidu1221@gmail.com Tel Number: 00291181076/00291189266 P.O. Box: 1048 Block number: 6 Room number: 8 Asmara, Eritrea
10. Bids must be delivered to the address and in the manner specified in the bid data sheet –instructions to bidders 23.2, no later than 9:30 am local Asmara, Eritrea time,10 November 2026.
11. Bidders shall be aware that late bids will not be accepted under any circumstance and will be returned unopened at the written request and cost of the bidder. All bids must be accompanied by bid-securing declaration.
Please note that electronic bids shall not be accepted Yours sincerely,

**1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ**

ትብለጽ ቃልኣብ ሓጎስ፡ ኣደይ ነ/ፍ ወ/ሮ ደሃብ ኣብርሃም ወልደሰሉስ፡ ብህወት እንኮሉ 3 መሰኻኽር ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ቅድሚ ሬጀስትራል 1ይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ብዕለት 08/02/2017 ብቑ.መዝ 106/2017 ናይ ለበዋ ውዕል ገይራትለይ፣ ንሱ ከኣ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ን/ዞባ ዕዳጋሓሙስ ፕሎት 55 ፓርሰል C ASP00014120 ጎደና 117-15 ቁጽሪ 8 ስፍሓት 230.4.ት.ሜ ዋንነታ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ግዛ ንዓይ ንብረተይ ክኸውን ዝለበዮ

ነዛ ብውሳኔ ክጸድቀለይ ስለ ዝበለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/2026 ኣብ 2ይ መጋቢያ ቁ.49 ይቕረብ።

**1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ**

**ጻዕዳክርስትያን**

ቅሳነት ተክለምሓይለይ ምባል ተሪፉ፡ መዚት ተስፋማርያም ሃይለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ዘፍቅሮ ክቡር ብዓል ቤተይ ኣቶ ተማሰገን ኣለማየሁ ኣየሌ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ መካነ መቓብር ሓዙሓዝ ዘቃበርኩምና፣ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሸጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና፣ ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘና ንገጽ።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኣስቴር ኣርኣያ
ኣሕዋቱን ደቁን ምስ ምሉኣት ስድራቤት

---

ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 9 ምም/6 ጎደና 605 ቁ.ገዛ 7ቁሎታ 4 ቁ.ፓርቸላ E ዝርከብ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑ.ምስክር ወረቐት 121330 መወከሲ ቁጽሪ 127559 ብስም ወ/ሮ ደሃብ ኣብርሃም+4 ዝተመዝገበ ገዛ ስለዝዓደንዎ'ሞ ናብ ሽመይ ከመሓልልፎ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይ ቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጽም ምኻኑይ እሕብር።

ወከል ዘቢባ መሓሙድ ዓብደልወሃብ

---

ብስም ወ/ሮ ምሕረት ባይሩ ዕቑቢትን ማክዳ ሓጎስ ቀላትን፡ ብቑጽሪ መዝገብ ምርሒት መሬት 132029 ዝተመዝገበ ምስክር ዶግመ ምርሒት መሬት ስለዝጠፈኣኒ፡ ረኺቡዎ ወይ'ወን ብዕዳ ሒዙዎ ዝበል እንተሃልዩ፡ ብቑ.ቴሌ 07165048 ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ደዊሉ ይርከበኒ። እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእታ ክወሃበኒ ክሕትት ምኻኑይ እሕብር።

ኤልያስ ኣማኑኤል

---

ብስም ኣፈወርቂ መኮንን ሓድጉ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00015082 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ጎደና ኣብዱርባብ ቁ.ገዛ 45 ዝርከብ ናይ ሆቴል ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሰምሃር ቀለታ ሃብተገርግሽ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና እምባጋልያኖ ቁ. ገዛ – ካብ ዕለት 1/08/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2030 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ።

ኣፈወርቂ መኮንን ሓድጉ

---

ኣነ ኣቶ ሙሴ መሓሪ እማን፡ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 1.ምም/01 ነበር ሌ/ኮ/ተስፋየ ጉብረኪዳን ቁሎታ 27 ፓርቸላ C ቁጽሪ ገዛ 5/7 ዝርከብ ኣብ 226 ት/ሜ ዝተደኮነ ቪላ ምስ ሰርቪስ ገዛ ቀንዲ ክፍልታት 8 ሓገዝቲ ክፍልታት 4 ተሰሪሕዎ ዝርከብ፡ ካብ ኣሞታተይ እናቴ ኣመተጸየግ እማንን እናቴ ብርሃኑ እማንን ብውህብቶ ዝረኸብክዎ፡ 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ኣስመራ ከበቢ ዕዳጋ እኽሊ፡ ብዕለት 07/5/2025 ብቑ.መዝ/80/2025 ኣብ ዝሃቦ ውሳኔ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለ ዝተወሰነ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝተቓልሓሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣኑ ካብ ዘፍቀዶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ብምቕራብ ናብ ክፍሊ ፓፕሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስትራልን ክቐርብ እሕብር። እዚ ምስ ዘይከውን፡ ናብ ስመይ ክመሓላለፈለይ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ከመልክት ምኻኑይ እሕብር።

ኣቶ ሙሴ መሓሪ እማን



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ጸጸን ጕደበን

ሓደ ቀውዒ፡ ቋርፍን ዘራእትን በርኪቱሉ ኣብ ዝነበረ ናይ ጽጋብ እዋን፡ ጕደበ (ዓይነት ኣንበጣ) ኣዝዩ ተፈሲህዎ፡ ዕንዱሩ እናሃረመን እናደረፈን ግዜኡ ብዘይ ስራሕ የሕልፎ ነበረ። ማእለያ ዘይብሉ ብዝመስል



ሸሻይ ተኸቢቡ ስነ ዝነበረ ድማ ብዛዕባ ዝመጽእ እዋን ፈጺሙ ኣይተጨነቐን።

ጕረቤቱ ጸጸ ግና ኣይዓሸወን። ንግሆን ምሸትን፡ ዓቐብን ቊልቁልን ከይበለ፡ ወግሐ ጸብሐ ናብ መሮር እናወፈረ፡ ዝወደቐ እኽልን ቋርፍን እናተሰከመ ብዘይ ምስልካይ ናብ ገዛኡ ይጓርት ነበረ።

ድሕሪ ብዙሕ ጻዕርን ድኻምን ደኣ ውሻጠኡን ኣዳራሹን ብእተፈላለየ ዝብላዕ ነገር ጥርንቕ በለ። ጕደበ ግና እንታይ ገደሶ ዝሰርሕ! ፈቐዶኡ ሸሻይ መሊኡ ከሎ'ኸ እንታይ ኣድከሞ፧! ስለዚ፡ ኣብቲ መላእ ጕደቦ ዝኑብር ፍጡር፡ ብፋጻ ናይ ዕንዱርን በቲ ኪሕ ዝብል ደርፍን ክሳዕ ዝጸምም፡ ከምዚ ኢሉ እናቐጸለ ከኣ ኣዝረምበጠ።



ቀውዒ ተወዲኡ ብዝጣሕሰሰ፡ ኩሉ እቲ ብቑጽልን ዘራእትን ተሸፊኑ ዝነበረ ጕላጕል ፍጹም ተለወጠ። ብኡንብኡ፡ ሓጋይ ምስ ብርቱዕ ቀዝሑን ንፋኡስን ኣተወ። መሬት ነነው እትብል ሳዕሪ ዘይብሉ ኮይኑ ባደመ። ኣያ ጕደበ ንጣር እትቕመስ እኽሊ ሰኣነ። ንሱ ጥራይ ከይኣክል ድማ ከም እሾኹ ዘዋጋእ ቊሪ!

ኣማስያኡ፡ ዝበልዖ ምስ ጨነቖ፡ ካብቲ ኪጓርቶ ዝወርሐ ምግቢ እንተ መቐሎ ክልምኖ ኢሉ፡ ለንቀይ ለንቀይ እናበለ ናብቲ እንዳ ጸጸ ጕረቤቱ ከደ። ኣብቲ ማዕጾኡ ምስ ኳሕኰሐ፡ ጸጸ ጋቢኡ ተጕምጕሙ ተቐልቀለ።

"እንታይ ደሊኻ ኣያ ጕደበ፧" ሓተተ ጸጸ።

ጕደበ ኣዝዩ እናተመሻኸነን እናንብዐን፡ "ጸጸ ጕረቤተይ፡ ምግቢ ዝበልዖ ካብ ዘይለክፍ እንሆ ራብዐተይ ኮይኑ፡ በጃኻ ካብቲ ክትጓርቶ ዝወራሕካ እኽሊ ግዳ ምቐለኒ፡" በሎ።

ጸጸ ግና፡ ንሱ ንሕሱም መዓልቲ ቀለብ ዝኾኖ ንምእካብ ሃርኰትኰት ኣብ ዝበለሉ ዝነበረ እዋን፡ ጕደበ ግዜኡ ኣብ ምንታይ ከም ዘሕለፎ ኣይጠፍኦን።

"ቀውዒ እቲ ኩሉ ሸሻይ ከሎ ንምንታይ ምግቢ ዘይኣኪብካ፧" ክብል ጸጸ ደጊሙ ሓተቶ።

"ዋእ! ዕንዱር ክሃርምን ክደርፍን እኽሊ ንኽእክብ ግዜ ኣይነበረንን፡" መለሸ ጕደበ።

ሽዑ ጸጸ፡

"ኣነ ንቐለብ ዝኾነኒ ክእክብ ቀውዒ ምሉእ ሃለኽለኽ ክብል ከለኹ፡ ዕንዱር ኣብ ምህራምን ኣብ ደርፍን ካብ ኣርኪብካ፡ ሕጂ ድማ ሓጋይ ምድሪ ግርም ጌርካ ተለሀን ተቘጻጸን፡" ኢሉ መለሸሉ'ሞ ናብ ገዛኡ ኣትዩ ማዕጾኡ ረገጠ።

እዚ ጽዋ'ዚ፡ ህርኩት ሰብ ጻማኡ ከም ዝረክብ፡ ንሃካይ ድማ ድንጋጸ ከም ዘይግብኦ ይምህረና።

ምንጪ፡ ቈላሕታ

ተመ. ኣዚኤል ፍትሓዊ

ስእሊ፡ ሃዙ

# ኣገባብ መጽናዕቲ

ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ኣብ ግዜ መጽናዕቲ ዝሕግዙ ኣገባባት ኣጸናንዓ ኣዳሊናልኩም ኣለና'ሞ ሰናይ ንባብ!

1. ጽምው ዝበለ ቦታ ምረጹ። ዝኾነ ዘርብሸኩም ነገራት፡ ከም ቲቪ፡ ረድዮ፡ ሙዚቃ፡ ሞባይል... ካብ ጥቓኹም እለዩዎም። ምናልባት ኣብዚን ዝጠቐስናየን ገለ መሳርሒታት፡ መጻሕፍቲ፡ ዲክሽነሪ ምስ ዝህሉወኩም ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም። ናብ ካልእ ከይትኸዱ ግና ተጠንቀቑ። እቲ እተንብቡዎ ኣብ ሓንጎልኩም ክሰርጽ እንተ ኾይኑ፡ ህድእ ኢልኩምን ኣብ ህድእ ዝበለ ቦታ ኴንኩምን ከተጽንዑ ተመራጺ እዩ።

2. ኣብ ህይወትኩም ብሓፈሻ፡ ኣብ ትምህርቲ ድማ ብፍላይ ስነ ስርዓት ክህልወኩም ይግባእ። ልዕሊ ኩሉን ቅድሚ ኩሉን ኣብ ኣጠቓቕማ ግዜ ሓያላት ክትኮኑ ይግባእ። ዘውጻእኩሞ መደብ ናይ መጽናዕቲ ግድን ክትግበር ኣለዎ። ስለዚ ግዜኹም ብኣገባብ ተጠቐሙሉ።

3. ኣብ ግዜ መጽናዕቲ ክሳዕ መጽናዕቲ እትውድኡ ብዛዕባ ካልእ ክትሓስቡ የብልኩምን። ምኽንያቱ፡ ሓሳባትኩም ምስ ዝመቓቐል እቲ እተጽንዕዎ ዘለኹም ክትሕዝዎ ኣሸጋሪ እዩ። ስለዚ፡ ምሉእ ኣቓልቦኹም ኣብ መጽናዕትኹም ግበሩ። ዝኾነ ሕርኽርኽ ዝበል እንተ ሃለዩኩም መጽናዕቲ ቅድሚ ምጅማርኩም እለዩዎ።

4. ጻዕራማትን ህርኩታትን ኩኑ። ከይጸዓርካ ዝርኩብ ዓወት የለን። ምስጢር ኩሉ ዓወት፡ ጻዕርን ኣበርቲዕካ ምስራሕን እዩ። ስለዚ፡ ከይተሓለልኩም ኣጽንዑ።

<u>ካብ ሜላታት መጽናዕቲ</u>

* ፈለማ ኑቲ ከተጽንዕዎ ዝደለኹሞ ኣርእስቲ ሕልፍ ሕልፍ ኢልኩም ኣንበቡዎ።

* ኣብቲ ዘንበብኩሞ ጽሑፍ ዘይትፈልጡዎም ሓደስቲ ቃላት ምስ እትረኽቡ ኣብ ወረቐት ጸሓፍዎ፣ ብድሕሪኡ ኣብ መዝገብ ቃላት ብምውካስ፡ ነተን ዘይትፈልጡወን ቃላት ጽቡቕ ጌርኩም ምለኹወን።

* ነተን ዘይትፈልጡወን ዝነበርኩም ቃላት ምስ ፈለጥኩመን፡ ኑቲ ኣቐድም ኣቢልኩም ሕልፍ ሕልፍ ኢልኩም ዘንበብኩሞ ጽሑፍ፡ ጽቡቕ ጌርኩም ተረድኡዎ።

* ብድሕሪ እዚ፡ ደጋጊምኩም ኣንብቡዎ። ምኽንያቱ፡ ትምህርቲ ብምድግጋም እዩ ኣብ ኣእምሮ ዝሰርጽ።

* ኑቲ እተንብቡዎ ዘለኹም፡ ምስ መዓልታዊ ህይወትኩም ከተዛምድዎ ፈትኑ። ከምዚ ምስ እትገብሩ እቲ እተጽንዕዎ ዘለኹም ንኽትሕዝዎ ሓጋዚ እዩ።

* ብርቱዕ ዓይነት ትምህርቲ ከም ዘየለ ተገንዘቡ። ገለ ተመሃሮ፡ 'ቁጽሪ ብርትዕቲ እያ'፡ 'እንግሊዝ ኣይትርድኣንን እያ፡' ይብሉ እዮም። እዚ ግና ግጉይ እዩ። እቲ ምስጢር ናታትኩም ብርተዐ ጥራይ እዩ ዘድሊ። ንዝጽዓረ ተመሃራይ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ቀሊል እዩ።

* ተወሰኽቲ መጻሕፍቲ ኣንብቡ። ተመሃራይ ተወሰኽቲ መጻሕፍቲ እንተ ደኣ ኣንቢቡ ኣእምሮኡ ይሰፍሕ እዩ። እቲ እተንብብዎ ተወሰኽቲ መጻሕፍቲ ድማ ኣብ ትምህርቲ ዓቢ ሓገዝ ኣለዎ።

* ናይ ሓባር ናይ መጽናዕቲ ግዜ ፍለዩ። ምስ መማህርትኻ ናይ ምይይጥ ግዜ ምፍላይ



ንትምህርቲ ዝቐለለ ይገብሮ እዩ። ዘይተረዳኣካ ካብ መማህርትኻ ክርደኣካ ይኽእል እዩ። ስለዚ፡ ትምህርቲ ናይ ሓባር ጉዕዞ ስለ ዝኾነ ምስ ብጾትኩም ብምኽኻን ኣጽንዑ።

* ካብቲ ዘጽናዕኩሞ ዓይነት ትምህርቲ ጽማቝ ኣውጽኡ። እዚ ድማ ክትጽሕፉ ከለኹም እቲ እትጽሕፉዎ ዘለኹም፡ ኣብ ኣእምሮኹም ንኽሰኣል ሓጋዚ እዩ።

* ንገዛእ ርእስኹም ፈትሹ። ኣጽኒዕኩም ምስ ወዳእኩም፡ ካብቲ ዘጽናዕኩሞ ገለ ሕቶታት ብምድላው ኑብሰ ግምገማ ግበሩ። እዚ ከኣ ማዕረ ክንደይ ሒዝኩም ኑብስኹም ክትፍትሹ ሓጋዚ እዩ።

ስለዚ፡ ፍቱዋት ተመሃሮ ካብዞም ተጠቒሶም ዘለዉ ኣገባባት ብምኽታል ኣብ ትምህርቲ ክትዕወቱ ተሰፋ ንገብር። ዓወት እምነየልኩም።

የሃንስ ብርሃነ

## ፍለጡለይ፧

1. ክልተ ወደባተይ
   ሸዱሽተ ዞባታተይ
   ብኹሉ ፍትውቲ
   ኣሎኒ ዕቑር ሃብቲ
   ኣነ መን'የ እስከ ፍለጡኒ፧__________

2. ክልቴና ሓደ ኢና
   ብርሃን ዓለም ይብሉና
   ብዘይ ብኣና ይብሉ ጠንበርበር
   ኣየስተማቕሩን ናይ ዓለም ነገር
   መን እየ እስከ ፍለጡኒ፧__________

3. ፍልጠት ዘስንቕ
   ንመጻኢና ዘዕጥቕ
   ሳላኡ ብዙሕ ፈሊጥና
   ካብ ድንቊርና ርሒቕና
   መን እዩ ፍለጡዎ
   ኩሉ ፍለጠት ዘለዎ፧__________

4. ፈሳሲ እየ ኩሉ ዝሃርፈኒ
   ምስ ጸምአ ኩሉ ይሰትየኒ
   ምስ ረስሐ ኩሉ ይደልየኒ
   እንስሳታት እውን ይብህጉኒ
   ኣነ መን እየ፡ እስከ ፍለጡኒ፧__________

# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

## ዛንታ ናይዛ ስእሊ

**- ዛዕባ 1977**

ቅድሚ 43 ዓመታት'ዩ፡፡ ተጋዳሊት ሰማይነሽ ኪሮስ (ትሪንዳድ)፡ ተጋዳሊት ጽገ ኣለም (ጭብ)፡ ተጋዳሊት ኣሰፋሽ ሃብተ ገብርኣብን (ትዌና) ናይ ሽዑ ኣባል ህዝባዊ ምልሻ - ከይጸንሐት'ውን ዝተጋደለት - ኤልሳ ምልኪያስን፡ ኣብ ንእሽቶ ኩጆት ሓንቲ ካብተን ንምብራቓዊ ኣጻድፍን ከበሳን ዘራኽብ ዓድታት ዛግር ከቢበን ነበራ፡፡ ኣብ ታሪኽ ህ.ግ. ካብ ቀዳሞት ደቂ ኣንስትዮ ህዝባዊ ምልሻ ዝኾኑት ኤልሳ ምልኪያስ በርጌሳዊ ትርኢታ ተጠቒማ ኣብ ሕምብርቲ ጸላኢ ብምእታው ዘየደቶ መጽናዕቲ ናብ ናይ ቀረባ ሓለፍታ ተቖርብ ነበረት፡፡ እዚ ንቡር ስራሕ ክፍሊ ህዝቢ እናተኻየደ እንከሎ ብኢጋጣሚ ኣብቲ ቦታ ዝነበረ መሓዛ ሰውራ ኤርትራ ዝነበረ ፈረንሳዊ ጋዜጠኛ ክሪስትያን ሳቡርር (ናይ ገድሊ ስሙ 'ሂላል')፡ እታ ትርኢት ካብ ዓይኒ ካሜራኡ ክትሓልፍ ኣይደለየን፡፡ ኮይኑ ድማ፡ ነታ ህሞት ኣልዓላ፣ እንሆ ሎሚ እታ ስእሊ ምሕር ዛቢባስ እቶም ዘይናቶም ዘፍትወሎም ናትና እያ ክብሉ ርእናዮ፡፡

ሂላል ካብ 1973 ኣትሒዙ ንገስጋስ ሰውራ ኤርትራ ዝተኸታተሉ 'ኤሪትሪያ 1973' እትብል ፊልም ዘዳለወ፡ ድሕሪ 1977 ሓላፊ ኣሃዱ ስእሊ ህ.ግ. ዝኾነ፡ ኣብቲ ዓውዲ ብዙሕ ስልጠናታት ዝሃበን ብዙሓት ንጥፈታት ሰውራና ዝሰኣለን'ዩ፡፡

ንሂላል ንኺ'ሞ ንግደፎ፡ እዘን ኣብዛ ሓወልቲ ዝኾኑት ስእሊ ዘለዋ ተጋደልቲ ክንጽዑ ስመን መን እዮን፧ መስርሕ ገድሊ ናበይ ኣበለን፧ ኣበይ ከ ኣለዋ፧ ብዛዕባ ንዳህስሱ

**- ዓወት ንሓፋሽ**

1975 ትሪንዳድን ትዌናን ኣብ ክፍሊ ታዕሊም ተራኸባ፡፡ ድሕሪ ታዕሊም ትዌና ንገለ እዋናት ኣብ ክፍሊ ኢደ-ጥበብ ድሕሪ ምግልጋላ፡ ናብቲ ብቐንዱ ብእስጢፋኖስ ኣፈወርቂ (ብሩኖ) - ሕጂ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ጃፓን ዘሎ - ዝምራሕ ዝነበረ ትሪንዳድ'ውን ትሰርሓሉ ዝነበረት ክፍሊ ህዝቢ ዞባ ሰሜን ተመደበት፡፡ ኣብኡ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ናይ ሓበር ስራሕ፡ ኣብ ክፍሊ ኢደ ጥበብ ዘጥረየቶ ተሞክሮ ተጠቒማ ኣብ ምምስራት ፈለምቲ ተራድኣታት ህዝባዊ ግንባር ዕዙዝ ተራ ትጻወት ነበረት፡፡

ገድልን ተኸሊጥን መሳይደኑ እዩም፡፡ ስለ ዝኾነ፡ ድሕሪ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ፡ ትዌና ናብ ተዋጋኢ ሰራዊት ተቐየረት፡፡ ከም ብዙሓት ብጾታ ብርክት ዝበሉ ውግኣት ብዓወት ሰገረት፡፡ ኣብ ሚያዝያ 1982፡ ኣብ ፍሹል ሻዱሻይ ወራር ዝተጸምደ ጸላኢ ናይ ኣየር ጸብለልታ ተጠቒሙ ኣብ ግንባራትን ደጀናትን ህ.ግ. ደብዳብት ኣጻዓቐ፡ መስርሕ ህይወት ገድሊ ትዌና ዝቐየር ኩነት ከኣ ተፈጥረ፡፡

ኣብቲ ኢጋጣሚ መስሕብ ኣዒንቲ ዝነበረ ጉልበት ትዌና፡ ናፓልም ተኸሰከሶ፡፡ ትንፋሳ ካብ ስጋኣ ክትፍለ ኣብ ሕክምና ሕሽኩብ ሕጂዶ ደሓር ኣብ ዝበሃሉ ዝነበረ እዋን'ውን፡ ኢጋጣሚ ኮይኑ ናይ ወጻኢ ጋዜጠኛ ኣብቲ ቦታ ነበረ፡፡ ትዌና ቃንዛኣ ጸይራ ንሱ'ውን ነቲ ንምርኣዩ ከቢድ ሓዊ ዝበልዖ ኣካላታ ክኣሉ ስምዒታ ተወከሶ፡፡ ትዌና ከም ኩሎም ብጾታ ክትሰለፍ እንከላ ዕላማኣ እምበር ኣካላ ክምለስ ኢላ ሓሰባ ከም ዘይትፈልጥ ገለጸትሉ፡፡ ምእንቲ ክብረት ህዝባን ሃገርን ምሕላፍ ሓላልን ሓበንን ምዃኑ ደጊማ ኣረጋገጸት፡፡ ሓይላ ኣኻኺባ ድማ "ዓወት ንሓፋሽ!" ጨርሐት፡ ንሳ ኣብ 13 ሚያዝያ 1982 ክትሰዋእ እንከላ፡ ዕላማኣ ግን ዓዲ ኣትዩ፡ ኣህጉራዊ ተፈላጥነት ረኺቡን ናብ ወለዶታት ተሰጋጊሩን ይርከብ፡

**- ኣግእዞ**

ኤልሳ ሓንቲ ካብ'ተን ቀዳሞት ኣርባዕተ ኣባላት ህዝባዊ ምልሻ ህ.ግ. ብምዃኑ፡ ደቂ ኣንስትዮ ክንጾ ቁመና፡ መልክዕን ቁኖን ከምኡ'ውን ክንጾ ዕዮ ውሻጠን ግዳምን ኣብ ቅድሚ ዘዕቢየን ሕብረተሰብ ካልእ ዕማም ናይ ምፍጻም ዓቕመን ዘርኢያ ኣብነታውያን ደቂ ኣንስትዮ'ያ፡፡ ኤልሳ ኣብ ኣስመራ ከላ ኣትሒዛ ተወዲባ ድሕሪ ምስራሕ'ያ ንድሕነታ ናብ ዓዳ ዛግር ዝተመልሰት፡፡ ከም ዕባይ ከተማ መጠን ርኡይ ፍሉይነትን ንጥፈትን ዝነበራ ኤልሳ፡ መስሕብ ኣተኩሮ ዓይኒ ሓፋሽ'ውን ነበረት፡፡ ሽውሃት ጎይትኦም፡ ምብራቕ ዑቕባይን በይን ገ/ስላሰን ከኣ እተን ካልኦት ሰለስተ ምስኣ ዝዋጠቓ ቀዳሞት ደቂ ኣንስትዮ ህዝባዊ ምልሻ ነበራ፡፡

ኤልሳ ኣብ ቅድሚ ሰድራኣ፡ መዛኑኣን ዘዕበያ ዓድን ንቆመናኣ፡ ግርማኣ፡ መልክዓ፡ ቁኖኣን ቀሚሻን ከላሺንኮቭ ዝተሓንገጠትሉ እዋን ብኸሉ ተዘኪረን ኣግእዞን እዩ ነይሩ፡፡ ንሳን ብጾታን ንብደሆታት ተባዕታዊ ልዕልና ክሰብራን ጓል ኣንስተይቲ ክንጾ ክሽነን ምጉራት ማይን፡ ኣብ ውዳበ፡ ፖለቲካን ቃልሰን ብንጥፈት ክትሳተፍ ከም እትኽእል ንሕብረተሰበን ጋህሚ ባህልን ልምድን ከልኣሉ፡፡

ኤልሳን ብጾታን ምስ ምዝላቕ ኣብ 1978 ብስሩዕ ተሰለፋ፡፡ ኤልሳ ኣብ ተዋጋኢ ሓይልታት ተመዲባ ተዋግኣትን ኣዋግኣትን፡ ጠሉብ ገድሊ ኮይኑ ካብ'ተን ምስኣ ኣብ ህዝባዊ ምልሻ እተሰለፋ ሽውሃት ጎይትኦም ክትሰዋእ እንከላ፡ ኤልሳ ግን ብመውጋእቲ ርእሲ ሓሊፋ ናብታ ደም ዘፍሰሰትላ ናጽነት ምስ ምብራቕን በይንን በጽሐት፡፡ ድሕሪ ናጽነት ድማ ናብ ሃገረ ኖርወይ ብምምራሕ፡ ኣብኡ ናብራኣ ቀጸለት፡፡




1. ጽገ (ጭብ)፡ 2. ሰማይነሽ (ትሪንዳድ)፡ 3. ኣሰፋሽ (ትዌና)፡ 4. ኤልሳ ሚልኪያስ



**- ጽገን ጺጋን ንሓንቲ ዕጥቂ**

ጽገ ኣለም (ጭብ)፡ ገና ተማሃሪት እንከላ ንኽትጋደል ዘየደደቶ ፈተነታት ዕድመኣ እንተ ጋረደ'ኳ፡ ኣብ 1976 ሰሊጡዋ ተሰለፈት፡፡ ድሕሪ ታዕሊም ድማ ናብ ህዝባዊ ምምሕዳር ጨንፈር ሰሜን ተመዲባ፡ ኣብ ምውዳብ ምስጢራውያን ዋህዮታት፡ ምምስራት ማሕበራት (ሓረስቶት፡ ደቂ ኣንስትዮ፡ መንእሰያትን ፈተውራርን)፡ ምዕጣቕን ካልእን ትነጥፍ ነበረት፡፡

ድሕሪ 6ይ ወራር፡ ጽገን ብጾታን ካብ ሰሜናዊ ባሕሪ ናብ ዓንሰባ ከዘልቓ ተገደዳ፡፡ ኣብታ ንርሒት ኮማንዶ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ሓዊሱ ብርክት ዝበለ ዓወታት ህ.ግ. ዘአንገደት ዓመት 1984፡ ጸላኢ ወፍሩ ኣንጻር ድሕሪ መስመር ዝነበራ ኣሃዱታት ኣዛይዱ ነበረ፡፡ ከም ወጽኢቱ ድማ፡ ጽገን ብጾታን ካብታ ዓሰርመላ ዝበሉ ምሉእናይ'ውን ከዘልቓ ዘገድድ ኩነታት ተፈጥረ፡፡

14 ሰነ 1984፡ ጽገን ብጾታን ገና ኣብ ምሉእናይ ከለዉ ጸላኢ ዓዲ ኣተወ፡፡ ጽገ ገለ ድሕሪት ዝተረፈ ነገር ከይህሉ ንምርግጋጽ ናብታ ከም ቤት ጽሕፈት ትጥቀመላ ቤት ኣብ ትኸደሉ ዝነበረት እዋን ተኸሲ ተኸፍተ፡፡

ኣብቲ ህሞት'ቲ እግራ ብዘዞባ ናብ ብጾታ ክተርክብ ትኽእል ዝነበረት ጽገ ሓደ ነገር ዘከረት፡፡ ንሱ ድማ፡ ብጸይታ ተጋዳሊት ጺጋ ዘርእማርያም (ጓል ጀነራል ዘርእማርያም ኣዛዚ) ዕጥቃ ኣብ እንዳ ኣቦይ ጉብርኣብ ዝተባህሉ ሰድራ ገዲፋ ንሓደ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ማሕበር ሓረስቶት ዝነበረ ብጹዩ፡ እንዳ ሃንደሳ ክተርእዩ ከም ዝኸደት፡፡

ጽገ፡ ጺጋ ብዘኸደቶ ኑቡስ ክተውጽእ ከም ዘለዋ ጥራይ ስለ ዝኣመነት፡ ነታ ዕጥቂ ናይ ምውጻእ ሓላፍነት ባዕላ ተሰከመት፡፡ ንሳ፡ ብሓደ ወገን ኣብ ብስክሊት ናይታ ዕጥቂ ናብ ጸላኢ ክበጽሕ ዘይምዃእ ምስጠር ዝሓዘ ደብዳበ ከይህሉ፡ ብኻልእ ወገን ድማ እታ መዕቆቢ ህ.ግ. ዝነበረት ሰድራ ኣብ ሓደጋ ከይትኣቱ ብምስጋእ፡ ነታ ዕጥቂ ግድን ከተውጽኣ ወሰነት፡፡ ዝኾነ ክኸውን ድማ ናብታ ገዛ ጠፊና ኣተወት፡፡

እዚ ክትገብር እንከላ፡ ሓደ ዘይርኣየቶ ወተሃደር ብየገቡእ ተኾተላ፡ ዕጥቂ ሒዛ ክትወጽእ እንከላ ድማ ብረቱ ዓሚሩ፡ ዒላማኡ ኣዚሩን ኣጸቢዑ ኣብ ቃታኡ ኣልጊቡን ኣብ ኣፍ ደገ ጸንሓ፡፡ ከም ቀጽቢት ናብ ውሽጢ ገዛ ክትሃድም ኣብ ዝተበገሰትሉ ህሞት ድማ በዚ መጺኣ ዘይትብሃል ቦምባ ትኪ ኣብ መንጎ ክልተኦም ተተኮሰት፡፡ ጽገ ትኪ ዓብሊኹዋ'ኳ እንተ ወደቐት፡ ነታ ኢጋጣሚ ተጠቒማ ብሰማይ ከም ዝወረደት ዕድል ተጠቒማ ብድድ ኢላ ብሉሉኻ ንገዛ ወጸት፡፡ ኑቲ ብዒና ዝተሰርሐ መካቡቢያ ናይቲ ገዛ ከኣ ከም ኣራብ ዘለሉዩ፡፡ ኣብ ቅድሚ'ቲ ኣምሊጠ እናበለት ዝዓለቡዩ መሬት ንጺጋ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ዘውዓሉ ወተሃደራት ደኣ ብዙመላሕሲ ምስ ዕመር ብረቶም ጎፍ በሉዋ፡፡ በዚ ድማ ጽገን ጺጋን በብወገን ንሓንቲ ዕጥቂ ከውጽኣ ክብላ ኑብሰን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ጸላኢ ረኸባ፡፡

...ይቕጽል

ሳምሶም ብርሃነ

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ሃሎ ቁልዑ |
| 09:40 | ፓኖራማ |
| 10:15 | ጨፈራ ጥዕና |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ሰነዳዊት ፊልም "ትም ምባል ስለዝመረጸ" 4ይ ክፋል |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መሬት ማይን ኣከባቢን |
| 17:35 | ሳይዳ |
| 18:40 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ሕደጋት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክ ኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ደርፌ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ሩስያን ዩክሬንን፡ ምሩኻት ኲናት ይለዋወጣ

ፌደረሽን ሩስያን ዩክሬንን፡ ነፍሲ ወከፈን 270 ምሩኻት ኲናት ከም እተለዋወጣ፡ ማዕከናት ዜና ሩስያ ትማሊ ዓርቢ ሓቢረን።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩስያ፡ ብዩክሬን ተታሒዞም ዝጸንሑ ምሩኻት ኲናት ዝኾኑ ወተሃደራቱ ቅድሚ ናብ ሃገሮም ምምላሶም፡ ኣብ ቤላሩስ ኣድላዩ ሕክምናውን ስነ ልቦናውን ሓገዝ ክረክቡ ምዃኖም ኣፍሊጡ።

ብዘይካዚ፡ ዝሓለፈ ሓሙስ'ውን ሩስያ ሬሳ 252 ወተሃደራት ዩክሬን ከተረክብ እንከላ፡ ሬሳ 25 ወተሃደራታ ከኣ ካብ ዩክሬን ከም ዝተቐበለት ተፈሊጡ'ሎ።

እቲ ሬሳታት ናይ ምርኽኻብ መስርሕ፡ ኣብ ቤላሩስ ከም እተኻየደ'ውን ይሕበር።

ኲናት ዩክሬን ኣብ ለካቲት 2022 ድሕሪ ምጅማሩ፡ ሞስኮን ክየቭን ዛጊት ኣሽሓት ምሩኻት ኲናት ዝኾኑ ወተሃደራት ተለዋዊጠን ምህላወን ጸብጻባት የመልክቱ።




## ቱርኪን ካናዳን፡ ምሕዝነተን ከትርራ ተሰማሚዐን



ቱርኪን ካናዳን ክልተኣዊ ዝምድናአን ናብ ስትራተጂያዊ ምሕዝነት ንክዕብያ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ንግዲ፡ ጸጥታን ምክልኻልን ዘለወን ምትሕብባር ንምዕማቕ ዘኽእለን ናይ ምርድዳእ ማዕቢር ከም ዝኸተማ ተሓቢሩ።

እቲ ስምምዕ ቀዳማይ ሚኒስተር ካናዳ ማርክ ካርኒ ናብ ቱርኪ ኣብ ዘካየዶ ናይ መጀመርያ ወግዓዊ ዑደት እዩ ተበጺሑ።

እቲ ኣብ ዝመጽእ ሰለስተ ዓመታት ተግባራዊ ክኸውን ምዃኑ ዝንገረሉ ዘሎ ስምምዕ ንምምዕባል ጸላታት ምክልኻል፡ ጸጥታ፡ ጸዓት፡ ጠፈር፡ ቴክኖሎጂን ርክብ ህዝብታትን ከም ዘጠቓልል፡ መራሕቲ ክልተአን ሃገራት ገሊጾም ኣለው።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ እቲ ምርድዳእ፡ ክልተአን ሃገራት ስምምዕ ናጻ ንግዲ ንክኽትማ ባይታ ከም ዘጣጥሕ እዩ ዝሕበር።

እቲ ስምምዕ ምስ ተተግበረ፡ ነቲ ኣብዚ እዋንዚ ናይ ኣስታት 3 ቢልዮን ዶላር ዘሎ ዓመታዊ ንግዳዊ ልውውጥ ክልተአን ሃገራት ናብ ልዕሊ 10 ቢልዮን ዶላር ክብ ክብሎ ከም ዝኸእል ይእመት።

ብኻልእ ወገን፡ እቲ ሽርክነታዊ ስምምዕ ንካናዳ ካብ'ቲ ልዑል መጠን ቀረጽ ዘለዎ ምስ ኣመሪካ እተካየዶ ንግዳዊ ልውውጥ ብኸፊል ከናግፋ ከም ዝኸእል፡ ክኢላታት ይገልጹ።

ካናዳ ምስ ኣመሪካ ኣብ ንግዳዊ ዘይምቅዳው ድሕሪ ምእታዋ ካልእ ኣማራጺታት ከተናዲ ምጽናሓ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣቓዲማ ምስ ሕብረት ኤውሮጳ ንግዳዊ ስምምዕ ምኽታማ ይዝከር።

## ግሪኽ፡ ንቖልዑ ካብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝኽልክል ሕጊ ተጽድቕ

ባይቶ ግሪኽ፡ ንኣእምሮኣዊ ጥዕና ድሕነትን ትሕቲ ዕድመ ቈልዑ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ትሕቲ 15 ዓመት ዝዕድመኦም ቈልዑ ማሕበራዊ መራኸቢታት ከይጥቀሙ ዝእግድ ሕጊ ከም ዘጽደቐ ተሓቢሩ።

እቲ ሓድሽ ሕጊ፡ ካብ ዝመጽእ ጥሪ ጀሚሩ ተግባራዊ ከም ዝኸውን ከኣ ተፈሊጡ ኣሎ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ግሪኽ ኪሪያኮስ ሚትሶታኪስ፡ መርበባት ማሕበራዊ መራኸቢታት፡ ዕድመ ተጠቀምቲ ዜጋታት ሃገሩ ንኸጻርያ ናይ ክልተ ወርሒ ዕድል ተዋሂቡወን ከም ዘሎ ኣፍሊጡ።

በዚ ድማ፡ ግሪኽ ሓንቲ ካብ'ተን ዕድመ ተጠቀምቲ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ግምት ክኣቱ ዝጠለበ ሸውዓተ ኣባላት ሕብረት ኤውሮጳ ኮይና ኣላ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ወሲኹ፡ ትሕቲ ዕድመ እኹል ድቃስን ምሉእ ኣደህባን ንኸይህልዎም፡ ከምኡ'ውን ምስ ከምኦም ቈልዑ ግዜ ንኸየሕልፉ ዝኽልክሎም ዘሎ ጸገም ንምውጋድ፡ ኣብ ጎደና ሰድራቤታት ሃገሩ ተሰሊፉ ክዩ ምዃኑ ኣፍሊጡ።

ዝሓለፈ ዓመት፡ ኣውስትራልያ፡ ትሕቲ ዕድመ ቈልዑ ማሕበራዊ መራኸቢታት ንኸይጥቀሙ ዝኽልክለት ናይ መጀመርያ ሃገር ክትከውን ምኽኣላ ኣይርሳዕን።

ፈረንሳ እውን ተመሳሳሊ ሕጊ ንምጽዳቕ ተዳልያ'ኳ እንተ ነበረት፡ ባይቶ ናይታ ሃገር ግና ነቲ እማመ ዝሓለፈ ኑሓሰ ከም ዝጸነ ምንጭታት ይሕብሩ።



## ቲበት - ብሓደጋ ምንቅጥቃጥ ምድሪ 16 ሰባት ሞይቶም



ኣብ ርእሰ ምምሕዳር ዞባ ቲቤት - ቻይና፡ 7.0 ሬክተር ዝዓቐኑ ምንቅጥቃጥ መሬት ብምግጣሙ፡ ብውሑዱ 16 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ከባቢ 65 ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ ተሓቢሩ።

ብተወሳኺ፡ በቲ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ቲበት ኣብ እትርከብ ዞባ 'ናግቁ' ዘጋጠመ ባህርያዊ ሓደጋ፡ 339 ኣባይቲ ከም ዝዓነዉ ተፈሊጡ ኣሎ።

ሰበ ስልጣን ናይቲ ዞባ፡ ብዘሒ ብኸቢድ ዝቖሰሉ ግዳያት ልዑል ብምዃኑን ገና ዘይተዳህሰሱ ዝዓነዉ ኣባይቲ ብምህላዎምን፡ ቁጽሪ ምዉታት ክዛይድ ስግኣታት ከም ዘሎ ገሊጾም።

እቶም ሰበ ስልጣን ወሲኾም፡ ግዳያት ናይቲ ባህርያዊ ሓደጋ ንምርዳእ፡ ኣድላዩ ህጹጽ ሓገዛት ተዳልዩ ምህላዉ ኣነጺሮም።

ቅድሚ ሒደት ሰሙናት'ውን፡ ኣብ ዶብ ቲበትን ኔፓልን፡ ብመደረጋሕ በረድን ኣኻውሕን ብዘሰዓበ ብርቱዕ ውሑጅ፡ 1,450 ሰባት ምማቶም ኣይርሳዕን።

## ደ/ኮርያ ምስ ሰ/ኮርያ ንምዝርራብ እማመ ተቕርብ

ትማሊ ዓርቢ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ደቡብ ኮርያ፡ ኣብቲ ምስ ሰሜን ኮርያ ዘኪይዶ ዘሎ ወተሃደራዊ ዘተ፡ ክልተአን ሃገራት በቲ ኣብ መንጎአን ዘሎ ናይ ዶብ መስመር ክረዳድኣ፡ ከምኡ'ውን ተኽእሎታት ሃንደበታዊ ግጭት ከጉድላን ዝጠልብ ዳግማይ እማመ ከም ዘቕረበ ተሓቢሩ።

እቲ እማመ፡ ዝሓለፈ ወርሒ በቲ ካብ ህላወ ሰራዊት ክልተአን ሃገራት ናጻ ዝኾነ ዞባ ዝተጻወደ ኑትጉ ክልተ ወተሃደራት ደቡብ ኮርያ ድሕሪ ምቕሳሎም እዩ ብምክትል ሚኒስተር ምክልኻል ሃገራዊ ፖሊሲ ደቡብ ኮርያ ከም ሆንግ ዝቐርብ ዘሎ።

ኣብ ዝሓለፉ ቀረባ ዓመታት፡ ወተሃደራት ሰሜን ኮርያ፡ ኣብ ጥቓ እቲ ንኽልተአን ኮርያታት ዝራኸብ ናጻ ዞባ ዝርከብ ወተሃደራዊ መስመር ስልታዊ ጸርግያን ሓጹርን ክሃንጹ እንከለዉ፡ ብርክት ዝበለ ኑትጉቲ'ውን ከም ዘጻወዱ እዮም ምንጭታት ዝሕብሩ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ደቡብ ኮርያ ዝሓለፈ ሕዳር'ውን፡ ምስ ሰ/ኮርያ ዘሎ ናይ ዶብ መስመር ንኽንጸር ዘተ ክካየድ ጠሊቡ'ኳ እንተ ነበረ፡ ፒዮንግያንግ ግና መልሲ ከም ዘይሃበትሉ እዩ ዝንገር።

ደቡብ ኮርያ፡ እቲ ካብ ህላወ ወተሃደራት ናጻ ኣብ ዝኾነ ዞባ ዝተፈንጀረን መቑሰልቲ ወተሃደራት ዘስዓበን ኑትጉቲ ብሰሜን ኮርያ ዝተጻወደ ምዃኑ'ኳ እንተ ኸሰሰት፡ ሰሜን ኮርያ ግን ነቲ ዝቐረበላ ክሲ ኣብ እዋኑ ምንጻጋ ኣይረሳዕን።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ማይ ጃሕጃሕ | 24/10/2026 | ጎደና173-18 ቁ.21 ከባቢ ማይ ጃሕጃሕ ጥቓ ህዝባዊ ቤት ንባብ | 127582 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　　ቁ.ቴሌፎን 127565